ሓዳስ ኤርትራ

መበል 25 ዓመት ቁ. 29 | ቀዳም 3 ጥቅምቲ 2015 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
ኣብነታዊ ስራሓት ኣብ ምፍዋስ ማይ-ኮያታት



ገጽ 4
"እንታይ እዋን ድኣ!"



ገጽ 6
ፈቲሓካ



ገጽ 7
ሕልሚ ተጋሂዱ



ገጽ 9
ኣርሰናል - ማን ዩናይትድ



# ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ምስ ሰበስልጣን ሱዳን ርክባት ኣካየዱ



ሚኒስተር ብርሃ ሃብተማርያም ምስ ፕረዚደንት ሱዳን ዐመር ኣልበሽር

ኣብ ሪፓብሊክ ሱዳን ናይ ስራሕ ምብጻሕ ዝፍጽም ዘሎ ብሚኒስተር ፋይናንስ ኣቶ ብርሃ ሃብተማርያም ዝምራሕን ሓላፊ ቀጠባዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት ዝርከቦን ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ሰበስልጣን'ታ ሃገር ኣብ ምድንፋዕ ቀጠባዊ ዝምድናታት ዘተ ኣካየዱ።

ጉጅለ ልኡኽ ኤርትራ ብ1 ጥቅምቲ ምስ ፕረዚደንት ዐመር ሓሰን ኣሕመድ ኣልበሽር ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ኣብ ምዕዛዝ ክልተኣዊ ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን ብሓፈሻ፡ ኣብ መዳያት ቀጠባን ንግድን ኣቕዲሙ ዝተበጽሐ ስምምዓትን ኸመይ ትግበረኡን ደማ ብቐንዱ ከምእተመያየጡ ካብ ካርቱም ዝበጽሐና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

ኣብ'ቲ ርክብ ፕረዚደንት ዐመር ኣልበሽር፡ ንታሪኻውነትን ህዝባውነትን ዝምድና ሃገሩ ምስ ኤርትራ ብምጥቃስ፡ ዘ. እናማዕበለ ዝመጽእ ዘሎ ዝምድና ናብ ሓደሽ መድረኽ ንምስግጋሩን ኣብ ኩሉ መዳያት ዝያዳ ንምምዕባሉን ዝሎ ድሌትን ቅሩብነትን ሃገሩ ኣረጋጊጹ።

ጉጅለ ልኡኽ ኤርትራ ብዘይካ'ዚ፡ ሚኒስተር ፋይናንስ ሪፓብሊክ ሱዳን ኣሰይድ በድረዲን ማሕሙድ ምስ ዝመርሖም ሰበስልጣን ቀጠባውን ንግዳውን ጽላታት ብምርኻብ፡ ኣብ ፊናንሳዊ መዳያት ብሓፈሻ፡ ባንካዊ ኣሰራርሓታት፡ ንጥፈታት ምእካብ ቀረጽን ግብርን፡ ገንዘብን ገንዘባዊ ፖሊሲን፡ መድሕን ከምኡ'ውን ካብን ናብን ዝኸይድ ሰግረ-ዶባዊ ምንቅስቓስ ንግዲን ካልእን ናይ ምልውዋጥ ተሞክሮ ምይይጥ ከምዝኸየደ ተፈሊጡ'ሎ።

ብሚኒስተር ፋይናንስ ኣቶ ብርሃ ሃብተማርያም ዝምራሕን ሓላፊ ቀጠባዊ ጉዳያት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሕን ኣቶ ሓጎስ ገብረሂወት ዝርከቦን ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራ ብዘወሃኸ፡ ኣብ ቀጠባዊ ትካላት ብፍላይ ድማ ሃገራዊ ባንክ፡ ቤት-ማሕተም ባጤራን ትካል ምጽራይ ወርቂን ካልኦትን በጺሑ።

# ኤደን፡ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምግራብን ዘተኩረ ማእቶት የሰላስል



ስ/መሓሪ በሊይ

ህዝቢ ምምሕዳር ከባቢ ኤደን - ንኡስ ዞባ ዒላብርዕድ፡ ኣብ ምስራሕ ኩትርታት፡ ምትካል ኣግራብን ምጽጋን ጽርግያታትን ዘተኩረ ማእቶታዊ ንጥፈታት የሰላስል ኣሎ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ኣየሸም ነጋሲ፡ ህዝቢ ከባቢኡ ኣብ ምልማዕ ዝርእዮ ዘሎ ወሀድ ጻዕሪን ተሳትፎን ብምምጓስ፡ ዕላማ'ቲ ህዝባዊ ማእቶት ኣከባቢ ንምርጋእን ውሕስነት-መግቢ ንምርግጋጽን ምዃኑ ጠቒሱ፡ ህዝቢ ኣብ ቀረባ መጻኢ ፍረ ጻዕሩ ክረክብ ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ንሱ ኣስዒቡ ዝስራሕ ዘሎ ኩትርታት ትሕተ-ባይታዊ ማይ ንምህብታምን ውሕስነትን ቀጻልነትን ዲጋ ንምርግጋጽን ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ትሕቲ ዲጋ ዘሎ መሬት ንህዝቢ ተዓዲሉ ደሮ እቲ ዝድለ ስራሕ ንምዕማም ተበጊሱ ምህላዉ ኣረዲኡ።

ብኸራማት ተበላሽዩ ንምንቅስቓስ ተሸጋሪ ኣሸጋሪ ኮይኑ ዝጸንሐ ቦታታት ጽርግያ ከረን - ኣስመራ ከምእተጸገነ ብምምልካት ድማ፡ ህዝቢ ማእቶታዊ ንጥፈታቱ ኣካል መፍትሒ ጸገማቱ ምዃኑ ኣሚኑ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ህዝቢ'ቲ ንኡስ ዞባ ብወገኑ፡ ንዘሰላስሎ ዘሎ ማእቶት ኣብ ከባቢኡ ምስ ዘለዉ ትካላት መንግስቲ ብምትሕብባር ብዝለዓለ ከምዝቕጽሎ ብምርግጋጽ፡ ልዕሊ ዓቕሙ ንዝኾኑ ስርሓት ዝምልከቶ ኣካል ቁሉሕታ ክገብረሉ ተላብዩ።

# ደባርዋ፡ ፋብሪካ ፕላስቲክ ኮኾብ ኣብ ምፍጣር ዕድላት ሸቕለት ልዑል ኣበርክቶ ትገብር

ኣብ ከተማ ደባርዋ ተደኩና እትርከብ ፋብሪካ ፕላስቲክ ኮኾብ፡ ኣብ ምፍጣር ዕድላት ሸቕለት ንዞባ ናይ'ቲ ከባቢ ኣበርክቶ ትገብር ከምዘላ፡ ኣካያዲት ስራሕ'ታ ፋብሪካ ወይዘሮ ኑርያ ዐሰማን ገሊጻ።

ንኤርና ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ወይዘሮ ኑርያ፡ እታ ፋብሪካ 200 ሰራሕተኛታት ከምዘለውዋ ጠቒሳ፡ ብዘይካ ንዓበይቲ ንተመሃሮ'ውን ዝተፈላለየ ሞያ ብምቅሳም ኣብ ንጥፈታታ ተዋፊሮም ብስራሕ ክምዕብሉን ኑብሮም ክኸእሉን ጻዕርታት ከምእተካይድ ኣብሪሃ።

ሰራሕተኛታት ፍልጠቶምን ክእለቶምን ብምዕባይ ኣብቲ ስራሕ ዝያዳ ኣድማዕቲ ንክኾኑ ቀጻሊ ስልጠናን ተሞክሮ ናይ ምልውዋጥ መደባትን ከምዘስርዕ ጠቒሳ ድማ፡ እቲ ስልጠና ኣብ ቦታ ስራሕ ብምዕባር ስለዝቕሰምዎ ድማ ኣድማዒ ምዃኑ ኣረዲኣ።

እታ ፋብሪካ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎ በራሚል፡ ናይ ኤለክትሪክ ቱቦታት፡ ሽሓኒታትን ካልእን ከምእተፍሪ ብምብራህ፡ ብመስርት ካብ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ዝመጽም ጠለባት'ውን ዚንጉታት ናይ ምቕራጽን ምስትራርን ንጥፈታት ከምዝካየዱ ኣዘራረ።

ዝጠዘለ ጥረ-ነገራት ካብ ወሽጢ ሃገር ከምዝረኽብዎ፡ እንተኾነ ግን ነዊሕ መስርሓት ዝሓልፍን ኣህላኺን ምዃኑ ዝሓበረት ወይዘሮ ኑርያ፡ ፍርያት'ታ ፋብሪካ ብቕዓቱ ምስ ተረጋገጸ ናብ መላእ ሃገር ከም ዝበጽሕ ብምጥቃስ፡ ምህርቲ ብምዕባይ ጠለባት ወሽጢ ሃገር ንምርዋይ ቀጻሊ ጻዕርታት ይካየድ ከምዘሎ ኣብሪሃ።

ኣብ'ታ ፋብሪካ ምስርሖም ድርብ ረብሓ ከምዝረኸቡሉ ዝገለጹ ሰራሕተኛታት ብወገኖም፡ ቡቲ ሓደ ስራሖም መነባብሮኦም ይኣልዩን የመሓይሹን፡ ብቲ ካልእ ድማ ቀጻሊ ስልጠናታት ብምቅሳም ደረጃኦም የዕብዩን ምስ ዘመናዊ ኣገባብ ኣሰራርሓ ይሰጉሙን ከምዘለዉ ገሊጾም።

ፋብሪካ ፕላስቲክ ኮኾብ፡ መስርሕ ህንጸቱ ኣብ 1995 ዝተጀመረ ኰይኑ፡ ኣብ መፋርቕ 2000 ዓመተ-ምህረት ፍርያቱ ናብ ዕዳጋ ከምዝቐረበ ይፍለጥ።

# ኣርብዒታ-ዓሸር፡ ማእከል ውሸባ ንጡፍ ኣገልግሎት ይህብ ኣሎ



ሰ/ኣዶናይ ገብረማርያም

ብዶብ ክመጽእ ንዝኽእል ለበዳ ሕማማት ንምቍጽጻር መሰረታዊ መሳርሒታት ዓጢቑ ኣብ ኣርብዒታ-ዓሸር ዝተዋደደን ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ኣዋርሕ ስርሑ ዝጀመረን ማእከል ውሸባ፡ ንጡፍ ኣገልግሎት ይህብ ከምዘሎ ተሓቢሩ።

እዚ ዝተገልጸ፡ እቲ ማእከል ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት ንምዕዛብን ሕጽረታቱ ንምምላእን ብሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ዶክተር ልኡል ጣንተይርጋ ዝተመርሐ ጉጅለ ክኢላታት፡ ኣብቲ ማዕከል ዑደት ኣብ ዘካየደሉ እዋን'ዩ።

ሓላፊ'ቲ ማእከል ኣቶ ሞገስ ኣብርሃ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡እቲ ትካል ብኣርብዒታ-ዓሸር ናይ ዝኣትዉ ዜጋታትን ወጻእተኛታትን ኩነታት ጥዕና ንምርግጋጽን ንኹሉ ተኽእሎታት ተመሓላለፍቲ ሕማማት ንምቍጽጻርን ዝዓለመ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ዘመናዊ መሳለጥያታት ዝዓጠቐ ብምዃኑ፡ ደረጃኡ ዝሓለወ ምዕቡል ኣገልግሎት ይህብ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣቶ ሞገስ ኣስዒቡ፡ እቲ ማእከል ዕለታዊ ናብ ሃገር ንዝኣትዉ ልዕሊ 200 ሰባት ኣገልግሎት ይህብ ከምዘሎ፡ ናይ 24 ሰዓታት ኣገልግሎት ጸሊዩዊ ጸዓት ስለዘርኸበ ድማ፡ ምድንጓያት ከምዘየለ ኣረዲኡ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካ ዶክተር ልኡል ጣንተይርጋ ብወገኑ፡ ዘሎዎ ኩነታት'ኳ እንተዘየለ፡ ምስ ህልው ዓለማዊ ኩነታት ንምስናዳ ግን ኣድላዪ ዝበሃል ጥንቃቐን ቅድመ-ምድላዋትን ክግበር ስለዝኾነ፡ ኣብ ባሕራዊ፡ መሬታውን ኣየራውን ወደባት ማእከላት ውሸባ ተዋዲዶም ግቡእ ኣገልግሎት ይህቡ ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ማእከል ውሸባ ኣርብዒታ-ዓሸር ስርሑ ብጽፈት የሰላስል ከምዘሎ ዘረጋገጸ ዶክተር ልኡል፡ ዘለዎ ሕጽረት ዓቕሚ-ሰብን መሳለጥያን ኣብ ቀረባ ግዜ ክማልኣሉ ዕቱብ ጻዕሪ ክግበር ምዃኑ ኣጊሉ።

## መንእሰያት ኣፍራይነቶም ዘዕበዩሉ ባይታ ንምጥጣሕ፡ ሃማመተኤ ብመደብ ይሰርሕ ከምዘሎ ተገለጸ

መንእሰያት ሞያዊ ትምህርቲ ቀሲሞም ኣፍራይነቶም ዘዕበዩሉ ባይታ ንምጥጣሕ፡ ሃማመተኤ ብመደብ ይሰርሕ ከምዘሎ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ዘወሃሃብ ዘሎ ስልጠናታት ድማ ኣካል ናይ'ዚ ከምዝኾነ ተገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ መንእሰይ ግርማይ ጉበሩ ንኤርና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ብጠቕላላ 100 መንእሰያት ብሞያ ጽርበት ሓጺንን ዕንጸይትን 20 ደቂኣንስትዮ ዝርከባኦም 40 መንእሰያት ድማ ብምእላማን ምርባሕ ንህብን ይሰልጥኑ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ዝተፈላለየ ሕርሻዊ ንጥፈታት ኣጠቓሲም ንዝለዉ መንእሰያት ንምትብባዕ ድማ ይሰራሕ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

መንእሰይ ግርማይ ኣስዒቡ፡ ተረባሕቲ ናይ'ቲ መደብ፡ ስልጠናኦም ምስ ዛዘሙ ምስ ትካላት ብምርድዳእ ናይ ስራሕ ባይታ ንኽፍጠረሎም ጻዕርታት ከምዝካየድ ኣረዲኡ።

ኣብ ከተማታት ደቀምሓረን ሰገነይቲን ብጽርበት ዕንጸይትን ሓጺንን ዝሰልጥኑ ዘለዉ መንእሰያት ድማ፡ ሃማመተኤ ምስ ምምሕዳር'ተን ንኡሳን ዞባታት ተወሃሂዱ፡ ወርሓዊ 400 ናቕፋ እናተኸፍሎ ሞያዊ ትምህርቲ ይቕስሙ ምህላዎም ብምብራህ፡ ኣብ መጻኢ ንበሰም ክኢሎም ኣፍራይነቶም ዘዕበዩሉ መገዲ ንምጥጣሕ ሓጋዚ ምዃኑ ሓቢሮም።

## ጎልጅ፡ ሓረስቶት ምህርቶም ንምዕባይ ሓያል ጻዕሪ የካይዱ

ሓረስቶት ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ጥቡ ዝበለት ዝናብ ኣብ ረብሓኦም ብምውዓል ምህርቶም ንምዕባይ ሓያል ጻዕሪ የካይዱ ከምዘለዉ፡ ሓላፊ ቀንጠባዊ ልምዓት ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዳንኤል ተወልደ ሓቢሩ።

ኣቶ ዳንኤል ኣብ ሓበሬታኡ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ 4,500 ሄክታር ስምስም፡ 9,500 ሄክታር ብልቱግ፡ 64 ሽሕ ሄክታር ድማ መሸላ ብጠቕላላ 78 ሽሕ ሄክታር ለሚዑ ከምዘሎ ጠቒሱ፡ ሓረስቶት ኣቐዲሞም መሬት ናይ ምድላዋልን ምልስላስን ኣድማዒ ንጥፈታት ከምዘካየዱ ኣረዲኡ።

ናይ ሎሚ ዓመት ዝናብ ምዕሩይ ዝርግሐ ከምዝነበሮ ዝሓበረ ኣቶ ዳንኤል፡ ምምሕዳራት ከበቢ ቃጨር፡ መንገሎ፡ ዓድ-ሸጋላን ኣይተርፍን ካብዞን ጽቡቕ ዝናብ ዝረኸባ ምዃነን ብምግላጽ፡ ሓረስቶት ንዝረኸብዎ እቶትን ቃንቋቒን ብኢጋኡ ብጽፈት ክእከቡ ተላብዩ።

ሓረስቶት ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ ድማ፡ ሓያል ጻዕሪ ዝሓሰሶ መሬት ንሰብን ጥሪትን መግቢ ከምዝርከቦ ብምእማን ከቢድ ስራሕ ከምዘካየዱ፡ ሕጂ'ውን ጥቡ ዝበለት ዝናብ ኣብ ልምዓት ንምውዓል ኣብ ግራውቶም ከትርታት ብምስራሕ ጻዕርታት የካይዱ ከምዘለዉ ኣረዲኦም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ኣሰናዳኢ
ሳምሶን ሃይለ
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

ም/ኣሰናዳኢ
ብንያም ፍስሃጽዮን
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ. 200454 - 07121322

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

ለይ-ኣውት
ኤደን ሃብተኣብ
ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ
ኣስቴር ካሕሳይ
ሰላም ክፍለማርያም


## ኣገደስቲ ቴሌፎናት

1) ሆስፒታል ሓሊቦት
18 54 00
2) ሆስፒታል ኦሮታ
20 19 17
3) ፖሊስ ኤርትራ
12 77 99
4)ኮርፖሬሽን ኤሌትሪክ ሰቲ
12 22 22
5) ፋርማችያ ቁ. 1
127585
6) መጥፋእቲ ሓዊ
202099

## ናይ ሎሚ መደባት ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ካርቱን |
| 09:30 | ምኽሪ ሞያውያን |
| 11:20 | ፊልም ብዓረብ |
| 11:45 | ዜተ ስፖርት |
| 12:00 | HOT TRACKS |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | መኣዲ ስነጥበብ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:25 | ፍትራን |
| 16:30 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 17:45 | ልዝብ መንእሰያት |
| 18:20 | ማእገር |
| 19:00 | ዜና ትግረ |
| 19:15 | ዳረት ቃና |
| 20:00 | ዜና ዓረብ |
| 20:25 | ቀንዴል |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ካብ ዞባታት |
| 22:15 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:30 | IN FOCUS |
| 23:00 | FILM |

## ሰንበት 4/10/2015

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | መደብ ህጻናት ዋሪ |
| 09:30 | መደብ ካርቱን |
| 09:55 | ሄሎ ደባይዋ |
| 11:35 | ፓኖራማ |
| 12:15 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ ብቐጥታ |
| 13:30 | መኣዲ ስነ ጥበብ |
| 14:05 | ሞዛይክ |
| 16:20 | ኣብዚ ሰሙንዚ |
| 17:10 | መደብ ህርመት |
| 18:15 | መርሓባ |
| 19:00 | ዜና ትግረ |
| 19:20 | ፊልም ዓረብ |
| 20:00 | ዜና ዓረብ |
| 20:20 | ብጋህዲ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:30 | መደብ ድባብ ብቐጥታ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:45 | ቀንዴል |
| 23:20 | film |

## ሰኑይ 05/10/2015

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | doc / film |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ኣብዚ ሰሙንዚ |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ቀንዴል |
| 14:20 | ፓኖራማ |
| 14:55 | HAPPY FAMILY E-03 |
| 15:40 | sport highlights |
| 16:20 | ዜተ ስፖርት |
| 17:05 | IN FOUCUS |
| 17:20 | TRANSIT |
| 17:50 | ካብ ዞባታት |
| 18:30 | መደብ ዋሪ |
| 19:00 | ዜና ትግረ |
| 19:20 | HAPPY FAMILY E-03 |
| 20:00 | ዜና ዓረብ |
| 20:25 | ኣልመጀላ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ማእገር |
| 22:15 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:30 | NEWS HIGHLIGHTS |
| 22:55 | FILM |

# ቁጠባን ልምዓት




ኤርምያስ ሰሎሞን

# ኣብነታዊ ስራሓት ኣብ ምፍዋስ ማይ-ኰዖታት

ኣብ ሃገርና ክልተ ዓይነት ልሙዳት ኣገባብ ሕዛእቲ ኣለው።

ሀ. ሕሩም ሕዛእቲ፡- እዚ ዓይነት ሕዛእቲ፡ ሰብ ኮነ እንስሳታታት ክኣትውዎ ይኹን ኣብ ውሽጡ ዝኾነ ዓይነት ንጥፈታት ምክያድ ዘይፍቀድ ቦታ እዩ።

ለ. ሕዛእቲ ብዕራይ፡- እዚ ዓይነት ሕዛእቲ፡ ብግዝያውነት ወይ ንውሱን ግዜ እናተሓዝአ ዝመሓደር ቦታ እዩ።

ግዝያዊ ወይ ሕሩም ሕዛእቲ፡ ሓደ ኮማዊ ሰረት ዘሎዎ ኣገባብ ምፍዋስን ምምዕባልን ማይ-ኰዖ ኰይኑ፡ ኣብ ሃገርና ነዊሕ መዋእል ዘሎዎ ያታዊ ኣገባብ ኣተዓቓቕባ ባህርያዊ ሃብቲ እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ሕዛእቲ ኣብ ጸዳፍ ቅርጺ መሬት ዝርከብ መሬት ዓዲ፡ ካብ ኩሉ ንጥፈታት ሰብን ጥሪትን ተኸልኪሉ ባህርያዊ ቡቕሊ ከም ዝስስንን ንዝደኸየ መሬት ዳግማይ ከም ዝምለስን ይግበር።

## 1. ሕሩም ሕዛእቲ ዓዲ ሰብያ

ሕሩም ሕዛእቲ ዓዲ-ሰብያ፡ ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓዲ ኳላ ኣብ ማይ-ኰዖ መረብ ዝርከብ ኮይኑ፡ ንነዊሕ ዓመታት ብሕዛእቲ ይፍለጥ። ካብ 1991 ጀሚሩ ኸኣ ኣብ ወርሒ ግንቦት ሳዕሪ ተዓጺዱ ንጥሪት ነታ ኣስታት 600 ብዝሒ ስድራ ዘሎዋ ዓዲ-ሰብያ ይውዕል።

ኣገባብ ምሕደራ፡- ምሕደራ ናይዚ ሕዛእቲ፡ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ዓዲ እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ተቐማጣይ ዓዲ፡ ኣብ ቀውዒ ሓደ መስፈር እኽሊ (3 ኪ.ግ.) ብምውጻእ፡ ንሓላዋይ ሕዛእቲ/ ዘራዓይ ይኸፍል። ካብ ዝኾነ ቦታ መጺኦን ናብ ሕዛእቲ ንዝስዕራ ጥሪት ድማ ዓዲ፡ 20 ናቕፋን ማዕሪኡን ትቐጽዕ። ኩሉ ብዘይ ኣገባብ ጥሪት ዘስዓረ ኸኣ መቕጻዕቲ ተቐቢሉ ዝተሰልዓሉ ዋጋ ይኸፍል።

ዝተረኽቡ ረብሓታትን ተመኩሮን፡- ባህርያዊ ቡቕሊ ሰሲኑ፣ ሽፋን መሬት ተመሓዩሹ፣ ፍግረ-መሬት ጎዲሉ፣ ትሕተ-ባይታዊ ማይ ተመሓዩሹ፡ ዓዲ ኣብ ግዜ ሓጋይ ተጠቃሚ ሳዕሪ ኰይና፣ እንስሳ ዘገዳም ሰሲኖም፣ ኣብ ከባቢ ዓድታት ድማ ቅዱስ ቅንኢ ኣሕዲሩ። በዚ መሰረት፡ ዓዲ ሰብያ ኣብ ምፍዋስ ማይ-ኰዖ ዞባ ደቡብ ኣብ 2013 ተሸላሚት ኰይና።

## 2. ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን፡ ተርኪና

ድሕረ-ባይታ፡- ዝደኸየ መሬት ንምሕዋይን እቶት ሕርሻ ንምዕባይን፣ ብኡ ኣቢልካ ድማ ውሕስነት መግቢ ምርግጋጽ፡ ኣብ ሃገርና ኣዝዩ ገዚፍ ወጻኢታት ብምስላዕን ጉልበት ሓረስቶት ብምውፋርን ኣብ ማይ-ኰዖታትን መሬት ሕርሻን ዝካየዱ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብዙሓት እዮም። ዛላ ብሓመድ/ እምኒ (ፋንያጁ) ኣብ መሬት ሕርሻ፡ ከትርታትን ቅናታዊ ዛላታትን ኣብ ማይ-ኰዖታት፡ ገለ ኣብነታት እዮም።


ኣብ ግራውቲ ብሓመድ/ እምኒ ዝግበር ዛላ፡ ሓደ ኣገባብ ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ኰይኑ፡ ኣብ ጎላጉል ዝርከብ መሬት ሕርሻ፡ ንጸዳፍ መሬት ናብ ምቹእ ቃጽያታት ንምቕያር ተባሂሉ ዝካየድ እዩ። መደባዊ ዛላ ኣብ ታሕተዋይ ደረት መሬት ሕርሻ ብምዝላይ ዝካየድ ኰይኑ፡ ቀንዲ ዕላማኡ፡ ማይ ብምዕቃብ ጠሊ ብምምሕያሽ፡ መሬት ሕርሻ ብምርጋእ እቶት ንምዕባይ እዩ። ኣብ ዝተባሕጕነ ጎቦ/ ስንጭሮ ዝስርሑ ከትርታትን ቅናታዊ ዛላታትን ብግዲኦም፡ ንጸዳፍ መሬት ብምምድማድ ናብ ጸፊሕ ቃጽያ ብምቕያር፡ ኣግራብ/ ቈጥቋጣት ተተኺሎም ከም ዝዓብዩ ንምግባር እዩ።

ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ተርኪና፡ ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ንኡስ ዞባ ሞጎሎ ዝካየድ ዘሎ ሓደ ኣብነታዊ ስራሕ ምፍዋስ ማይ-ኰዖ እዩ። ጠቕላላ ዝተፈወሰ መሬት፡ 2860 ሄክታር ክኸውን ከሎ፡ ካብዚ እቲ 360 ሄክታር ኣብ ናይ ሕርሻ መሬት፡ 1500 ሄክታር ኣብ ናይ መጋሃጫ መሬት፡ ዝተረፈ 1000 ሄክታር ድማ ኣብ ናይ ምግራብ መሬት እዩ።

ዓይነት ንጥፈታት ምፍዋስ ማይ-ኰዖ፡- ዛላ ብሓመድ 500 ሄክታር፡ ዛላ ብእምኒ 200 ሄክታር፡ ቅናታዊ ዛላ 200 ሄክታር፡ ከምኡ'ውን ከትሪ 100 ሄክታር ተሰሪሑ። ኣብዚ ምምሕዳር ከባቢ፡ ባህርያዊ ድኹዒ ምጥቃም ልሙድ ኣይኰነን።

ምቕላዕ ሱር ገረብ፡ ኣብ ትሕቲ ገረብ ዝተኣከበ ሓመድን ኣብ ልዕሊ ሓመድ ድማ ፍሩይ ኩረት እምኒ ብብዝሒ ምርኣይ ከምኡ'ውን ምጒዳል ጥልቀት ላዕለዋይ ቀጸላ ሓመድ ወዘተ. ቅድሚ ዝኾነ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምክያዱ ዝኽሰቱ ርኡያት ጸገማት ነይሮም። ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ድሕሪ ምትግባሩ ግን፡ እዞም ዝተጠቕሱ ኰሎም ጐዲሎም። ኣብ ዝተፈላለዩ ሓጹራትን መኽዘናት ማይን ዝርአ ዝነበረ ድበት'ውን ብተመሳሳሊ ጐዲሉ።

ኣብ ኩነታት እቶት እንተ መጺእና፡ ቅድሚ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምትግባሩ፡ እቶት ምህርቲ 3 ኩንታል ኣብ ሄክታር፡ እቶት ተረፍ ምህርቲ ድማ ካብ 6 ኩንታል ኣብ ሄክታር ይርከብ ነይሩ። እቶት ሳዕሪ ድማ ኣይነበረን።



ድሕሪ ምስራሕ ቅርጽታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ግና እቶት ምህርቲ ናብ 10 ኩንታል ኣብ ሄክታር፡ እቶት ተረፍ ምህርቲ ናብ 20 ኩንታል ኣብ ሄክታር፡ እቶት ሳዕሪ ድማ 5 ኩንታል ኣብ ሄክታር በጺሑ ይርከብ።

ብሓፈሻኡ፡ ኣብቲ ናይ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዝተገብረሉ መሬት ሕርሻ፡ መጋሃጫን ናይ ምግራብ ቦታታትን፡ ምብሕጓግ መሬት ጐዲሉ። ብተመሳሳሊ እቶት ምህርቲ፡ ተረፍ ምህርቲን ሳዕሪን ወሲኹ። ብኣንጻሩ ኣብቲ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ዘይተኻየደሉ ቦታ፡ ምብሕጓግ መሬት ወሲኹ፣ እቶት ምህርቲ፡ ተረፍ ምህርቲ ከምኡ'ውን እቶት ሳዕሪ ጐዲሉ። ከም ውጽኢቱ፡ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ብፍላይ ከኣ ኣብ ናይ ሕርሻ መሬት ብሓረስቶት ጽቡቕ ተቐባልነት ረኺቡ።



# ኣሰራርሓ መግቢ

## ዝሑል ሰላጣ

ዓቕኑ፡-
- 2 ኩባያ ዝበሰለ ዓይኒ ዓተር
- 1 ኪሎ ዝበሰለ ካውሎ ፍዮሪ
- 2 ኩባያ በሲሉ ዝተመተረ ፋጆሊ
- 4 ኮመደረ ተቐሊጡ ብደቂቕ ዝተመትረ
- 1 ንእሽቶ ሰላጣ
- 1/2 ኩባያ ቀመም ሰላጣ
- 2 ብሱል እንቋቑሖ
- 2 ኮመደረ ንመመልክዒ

ኣገባብ ኣሰራርሓ፡- ነቲ ዓይኒ ዓተር፡ ካውሎ ፍዮሪ፡ ፋጆሊን ኮመደረን ናይ ሰላጣ ቀመም ኣእቲና ብሓንሳብ ሓዋዊስና ንኽልተ ሰዓታት ኣብ ፍሪጅ ነእትዎ። ነቲ ሰላጣ ኸኣ ሓጺብና ኣፍርይ ኣቢልና መቲርና ኣብ ጸፊሕ ብያቲ ዘርጊሕና ነቲ ኣብ ፍሪጅ ዝጸንሐ ሕውስዋስ ኣብ ልዕሊኡ ኣፍሲስና በቲ ኮመደረን ብሱል እንቋቑሖን ኣመልኪዕና ንመግቢ ንቕርቦ።

## መረቕ ደርሆ ብጸባ

ዓቕን

- 4 ኩባያ መረቕ ደርሆ ውዑይ
- 1 ማንካ ሻሂ ሰዴኖ
- 2 ኩባያ ውዑይ ጸባ
- ¼ ማንካ ሻሂ ጸሊም በርበረ
- 1 ማንካ ሻሂ ዝደኸመ ፕርሰሜሎ
- ½ ኩባያ በሲሉ ዝተጣሕነ ሩዝ

ኣገባብ፡-

ሰዴኖ፡ ፕርሰሜሎ፡ ሽጉርቲ ጻዕዳ ብብሮ ንቐልዎ። ብድሕሪኡ በሲሉ ዝተጣሕነ ሩዝ ነእትወሉ። ኢድና ከይፈለና ድማ ነኹሶ። ጸባ እናኣንጠብና ነሰማምዖ፣ መረቕ ወሲኽና'ውን ነብስሎ። ብግቡእ ምስ ተሰማምዐ ድማ ብውዑዩ ንቕርቦ።

መም. ፍረወይኒ ገብረሂወት

# ሽግር

ጥዑምዝጊ ተስፋይ

## እንታይ ትመኽሩኒ

## "ብኸመይ እየ ከረድኣ?"

ሰራሕተኛ መንግስቲ እየ። ተማሃሮ ጂንጀር ክስና ኣትሒዝና ሓንቲ መሓዛ ጥራይ እያ ዘላትኒ። ክልተ ወርሒ ይገብር ንመሓዛይ ብጠርሀይ በዲለያ። ሕማቕ ስለ ዘይመስለኒ ብጠርሀይ ዝገበርኩዎ ደኣ'ምበር፣ ደይመደይ ኣለ ዝፈጸምኩዎ ኣይኮነን ነይሩ። ዳሓር ምስ ኮረየት ከረድኣ እንተ ፈተንኩ ምርዳእ ኣብየትኒ። ፈሊጠ ከም ዝገበርኩዎ ገይራ ስለ ዝወሰደቶ ብጣዕሚ ቅሒራ። ምርዳእ ምስ ኣበየትኒ "ብጠርሀይ ይኹን ብፍላጥ ይግበሮ ይቕረ በሊለይ" ኢለ ለሚኒያ። ብዙሕ ሕማቕ ዘረባታት ተዛሪባትኒ። ዓቕሊ ገይረ ሓሊፈያ። ኣነ ይቕረ ክትብለለይ'ሞ ምሕዝነትና ክንቕጽል እናተጸበኹ ግን ንሕማቕ ግብሪ ጥራይ ተዓጢቓ ንዓይ ናብ ሕማቕ ነገር ትደፍኣኒ ኣላ። ብኸመይ እየ ከረድኣ ዝኽእል'ባ ምኽርኹም ሃቡኒ።

S.M ካብ ባጽዕ

ናይነዊሕዓመታትምሕዝነትክን ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ኩነት ምውዳቑ ዘሕዝን እዩ። ነቲ ኣብ መንጎኽን ተፈጢሩ ዘሎ ዘይምቅዳው ብዓቕሊ ክትሕዝዮ ብምኽኣልኪ ከኣ ነድንቐኪ።

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋኑ መሓዛኺ ይቕረታ ኣብ እትቕበሉ ወይ ኣልካ እትገብሮ ዘይኮነ፣ ንገዛእ ርእሰኻ ኣልካ እዩ ዝገበርኻ። ሕድገትካ፣ ምልክት ጽባቐ ውሽጥኻን ሂወትኪ ምልኣት ንኽህሉዎ ዘለኪ ዓቕምን ዝርኢ እዩ። ይቕረ ምባል፣ ትማሊ ዝተፈጸመ በደል ጥቕልል ኣቢልካ ምርሳዕ ማለት እውን ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፣ ኣብ ዝቕጽል ሂወትኪ ኣብ ርእስኺ ከምኡ ዝኣመሰለ በደል ንኸይድገም ንኽትከላኸሊን ክትጥንቀቒን ዝሕግዝ እዩ።


ክልተ ናይ ኩናት እሱራት ዝበሉ'ሞ ዝተፈትሑ፣ ብዘዕባ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘሕለፉዎ ሂወት እናዕለሉ ከለው፣ እቲ ሓደ "ሎሚኸ ነቶም ኣሰርትኻ ይቕረ ኢልካሎምዶ?" ክብል ምስ ሓተቶ፣ "ኣይፋል ብፍጹም ይቕረ ኣይብለሎምን እየ" ክብል መለሰ። ሽዑ እቲ ካልኣይ "እሞ ክሳብ ሎሚ ኣብ ቤት ማእሰርቶም ኢኻ ዘለኻ" ብምባል፣ እሱር ናይ'ቲ ወትሩ "እህህ" ዝብሎ ቅርሕንቲ ምህላዉ ነገሮ። ቅርሕንቲ ኣብ ውሽጥኻ ተዓቂሩ፣ ወትሩ ብዛዕባኡ ከም እትሓስብ ይገብረካ። እሱር ናይ ገዛእ ርእሰኻ ቅርሕንቲ ብምዃንካ ዝፈትሓካ ሰብ የለን። ዝተሰየጠካ ኩይኑ ስለ ዝኾመካ ከኣ፣ ሕነ ንኽትፈዲ ትደፋፋእ፣ ከይደቀስካ ትሓድር። ንቡዓሊኻ ኣብ ምጽንጻን ተጸሚድካ



ሕድገት ኣብ እትገብረሉ ኩነተ-ህላወ ከይትሃሉ ትኽእል ኢያ። ብፍላይ ድማ እቲ በደል፣ ኣብ ካልኣት ሰባት ጽልዋ ብምሕዳር ዘስዓቡ እንተ ድኣ ኮይኑ። ስለ'ዚ፣ ክሳብ እትሃድእን ኣዕሚቝ እትሓስበን ግዜ ምጽባይ ዘድልየኪ ይመስለና። ንሳ ሕድገት ኣብ ክንዲ ምግባር፣ ናብ ሕማቕ ትደፍኣኪ እንተ ሃልያ፣ ንሽኺ ብጊደኺ ሕድገት ምግባር ከድልየኪ እዩ። ሕድገት ብምግባር፣ ሕድገት ክትገብር ከም ዘለዋ መሃርያ። ልዕሊ ኩሉ ክትግንዝብዮ ዘለኪ፣ ይቕረ ምባል ወይ ሕድገት፣ ንኻልኦት ሰባት ወይ ንዘበደሉኻ ንገዛእ ሂወትካ ቀሳነትን ሰላምን ትፋናጋ። ኣብ መወዳእታ፣ ነቲ ቡዓሊኻ ዝጀመሮ ዘይቅዱው ቅልስ፣ ብዘሐፍር መልክዑ ባዕልኻ ትቐጽሎ።

ሕድገት እንተ ገይርካ፣ መንፈስካ ንጹህና ይሰመዮ፣ ሂወትካ ብሰላም ትመርሖ፣ ካብ ካልኣይ ዕንወት ትድሕን። ሰባት የፍቅሩኻን ንሽኻ እውን ተፍቅሮምን። ሓደ ዓቢ ወጽኢት ናይ ሕድገት፣ ብዘገበርካዮ ሰናይ፣ ንገዛእ ርእሰኻ ከም እተፍቅር ስለ ዝገብር እዩ። ስለ'ዚ፣ ከም ዘለኽዮ ብዓቕሊ ተጸበይያ። ንሳ እትጠዓሰላ ሓንቲ መዓልቲ ኣላ።

## "እንታይ እዋን ደኣ!"



ተማሃሪት 10 ክፍሊ እየ። ክሳብ ሕጂ ዓርኪ ሒዘ ኣይፈልጥን። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ግን ብመንገዲ መሓዛይ ኣቢለ ሓደ ወዲ ተላልየ። ፈለማ መዓልቲ ምስ ተላለና ንጽባሒቱ ብጣዕሚ ከም ዘፍቀረንን ብኣይ ክሓስብ ከም ዝሓደረን ኣዕለለ፣ ንፍቕሪ ድማ ሓቲቱኒ። ምስ'ቲ ወዲ ቅድሚኡ ፈጺምና ኣይንፋለጥን ኢና ዝበርና። ንመሓዛይ እንተ ነገርኩዋ ድማ "ናትኪ ውሳኔ ውሰዲ" ጥራይ ኢላትኒ እምበር ኣየማኸረትንን። ኣነ ድማ ናይ ብሓቂ ምዃኑን ዘይምዃኑን ተጠራጠረ። ሕጂ እንታይ እንተ ገርኩ ይሓይሸኒ?

ተዚ ካብ ኣስመራ

ብዛዕባ ምንታይ ኢኺ "እንታይ እንተገበርኩ ይሓይሸኒ?" ዝብል ሕቶ እቕሪብኪ። ሌላኹም ናይ ክልተ መዓልቲ ብምዃኑ ብሓቂ ከም ዘፍቀረኪን ዘየፍቀረኪን ከም ዝተጠራጠርኪ ኢኺ ትገልጽና ዘለኺ። ንሽኺ ደኣ ኣብ ልዕሊ'ቲ ወዲ ዘሎኪ ይኹን ትዕዝብቲ ከይወሰድኪ ኣብ ውሳኔ ክትበጽሒ ትኽእሊዶ ትኾኒ? ናይ ብሓቂ ፍቕሪ ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ዝሰርጽ ኣይመስለናን። እንተ ኾነ ኣብ ሓንቲ ቁልሕታ ሃይሂይ ዝብል ወዲ ይኹን ጓል ኣይሰኣኑን። ዝጠዝዐ ብሓይሂይታ ዝጀመረ ሌላን ምቅርራብን ክልተኣየም ተቐራሪቦም ጸቡቕ ገይሮም እናተፋለጡ ምስ መጹ ክበሃሉን ይኽእል። ስለ'ዚ እዚ ትብልዮ ዘለኺ ወዲ ምናልባት'ውን ክልተኹም ኣብ ሃይሂይታ ክትሃልዉ ስለ እትኽእሉ ንትዕዝብቲ ዝኸውን ዝተወሰነ ግዜ እንተ ሓዘኺ፣ ኣዕሚቝኪ ብምሕሳብ ንኽትውሰኒ ክሕግዘኪ እዩ።

ሓደ ወዲ፣ ሓንቲ ጓል ኣብ መንገዲ ጎፍ ምስ በሉዩ፣ ተዛሪቡ እናጠመታ ደድሕራኣ ሰዓቡ። ደስዐባ ከም ዘሎ ዘስተውዓለት ጓል "ስለምንታይ ደድሕረይ ትስዕብ?" ክትብል ሓተተቶ። ወየ ወዲ፣ "ኣመና ጽብቕቲ ኢኺ፣ ምሳኺ ፍቕሪ ሒዘኒ ኣሎ ማለሲ" በሎ።

"ግና፣ ንመሓዛይ ኣይረኣኽያን ኣለኻ፣ ንሳ ኣዚያ ካባይ ትጽብቕ፣ እንሆት ብድሕረኻ ትመጽእ" ክትብል ምስ ሓበረቶ፣ እቲ ወዲ ንድሕሪኡ ግልጽ ድሕሪ ምባል "ብድሕረይ ዝኾነ ሰብ የለን" በላ።

"ከም'ቲ ዝበልካዮ ብርግጽ ተፍቅረኒ ነይርካ እንተ ትኸውን ናብ ድሕሪት ግልጽ ኣይምበልካን ነይርካ" ኢላ ከኣ ሓዲጋቶ ሰጎመት። እቲ ወዲ ኣብ ዝለበዎ ፈተና ተረፉ ማለት እዩ።

ስለ'ዚ፣ ናይ ክልተኹም ዕሜ እውን ምስ'ዚ ዛንታ ተመሳሲሉ ንኸይከውን ተጠንቀቒ። ንእሽቶይ ኢኺ ዘለኺ። መጻኢኺ ሕጂ እንተ ዘይሰሪሕክዮ ብኡ ኣቢሉ ሰለሎ ከይኣትወኪ ንብለኪ።


## "ኣብ ናይ ምርጫ መዋጥር ኣለኹ"

ዕድመይ 32 ዓመት ኩይኑ ሰራሕተኛ መንግስቲ እየ። ኣብ ውሽጢ እዚ ሰለስተ ዓመታት፣ በብግዚኡ ምስ ክልተ ደቂ ኣንስትዮ ተላልየን ዘይረን እየ። ክሳብ ሕጂ እውን ምስ ክልቲኣን ደቡ ዘይሰበረ ጸቡቕ ርክብ ኣለኒ። ክልቲኣን ገርቲ ጸቡቓይን ሕጉስ ሂወት ንኸሕልፍ ዝሓገዛን እየን። ሓዳር ንኽይገብር ግዜ ዝበልዓለይ ድማ ናታተን ጉዳይ እዩ። ንሓዲኣን ንኸይጠልም ኣበሳይ ምግባር ኣበዩኒ። ሓዳር ክገብር ስለ ዝወሰንኩ ከኣ ግድነት ምስ ሓንቲ ክጽንዕ ኣለኒ። ንመን ገዲፈ ምስ መን ከም ጽቕጽል ንኽውሰን ኣብ መዋጥር ኣለኹ'ሞ ገለ ጠቓሚ ምኽሪ ክትህቡኒ ብሃንቀውታ እጸበ ኣለኹ።

ደሳዪ ሓዳር - ካብ ኣስመራ

ሓንቲ ንኽትመርጽ ነታ ሓንቲ ክትብድል ግድነት ስለ ዘኾኑ ንሽኻ ኣብ መዋጥር ኣቲኻ ንዓና እውን ኣብ መዋጥር ኣእቲኻና። እንተ ኾነ ግን ይትረፍዶ ንሕና ኩነታተን ዘይንፈልጥ፣ ንሽኻ'ኳ ክለንትናኣን እናፈለጥካየን ምምራጽ ተጸጊምካ ኣለኻ። "ካብ እመት ሰድሪ ኣሎታ" ከም ዝበሃል፣ እታ ንሓዳር እትኾነካ ሰሊኻ ወሰን።

ሓደ ግዜ ፍቑራት ዝበሉ'ሞ፣ ተፈላለየም ኣብ ናይ ገዛእ ርእሶም ሂወት ክመርሑ ዝጀመሩ ወድን ጓል ኣጋጣሚ ተራኺቦም። እታ ጓል "ንዓይ ትኸውኒ እያ ዝበልካያ ጓል ከም ዝረኸብካ ሰሚዐ" በለቶ። መልሲ ናይ'ቲ ወዲ "እወ ሓቅኺ! ብኹለንትናኣ ካባኺ እትበልጽ ሰብ ረኺበ ጸቡቕ ኣለኹ" ነበረ። እታ ጓል ኣሰዒባ "ብሓቂ? ከም'ቲ ኣነ ዘስሕቕካ ዝበርኩ ከተስሕቕካ እትኽእል ጓል ረኺብካ ማለት ድዩ?" ብምባል መልሱ ተጸበየት።



"ኣይፋል፣ ግን ከም'ቲ ናትኪ ኣብኪያትኒ ኣይትፈልጥን እያ" ብምባል ብልጫ ናይ'ታ መጻምድቱ ነገረ።

ስለ'ዚ፣ ክልቲኣን ገርቲ ጸቡቓት ምዃነን ትዛረብ እንተ ሃለኻ'ኳ፣ ንገበራት ብደቂቕ እናመዛዘንካን እናተንተንካን ኣጻሪኻ። ምኽንያቱ ግድን ሓንቲ ክትመርጽ ስለ ዘሎካ፣ ነታ "ባይ" ትብላ እውን ግዜኣ ከይቀተልካ ሕጂ ተፋነዋ። ዝያዳ ግዜ ምስ እትቕትለሉ፣ ብኡ መጠን ኣብኻ እተትርፎ ጽልኢን ኣብ ገዛእ ነብሳ እትፈጥሮ ተሰፋ ምቑራጽን ክዓቢ እዩ። ከተታልላ ወይ ካብኣ ክትሕብኣ ኣይትፈትን። ኣብ ብሕትኹም ረኺብካ ኩሉ ጸቡቕ ነገራታ ብምንጋር፣ ኣማሪጺ ስለ ዘይብልካ ክትፍለያ ምዃንካ ብጋህዲ ንገራ። ንኹሉ ዝገበረትልካ ጸቡቕ ነገራት እውን ኣመስግና።

ሻቢብ

ብሃማመተኤ ዝዳሉ ዓምዲ

ዘተ ሻቢብ

# ኣሰከፍቲ ተርእዮታት መንእሰያት

ቅድሚ ናብታ ሕቶ ምምርሐይ፡ ብዛዕባ መንእሰይ ገለ ከቐድም። መንእሰይ ክፉል ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ኰይኑ፡ ወሳኒ፡ ጸላዊ፡ ኣፍራዩን ቀላሲን ናይ ኩነት እዩ። መንእሰይ ዕቑር ዓቕሚ ዘውንን፡ ተበላሓቲ፡ መሃዚን ተማራማሪን ቀጸላ ሕብረተሰብ እዩ። መንእሰይ ንለውጢ ሃገርን ዓለምን ከይሰልከየ ዝጽዕት እዩ። ዝበዝሑ ብታሪኽ ዝጥቀሱ ንጥፈታት እዛ እንነብረላ ዓለም በብመድረኾም ናይ ዝነበሩ መንእሰያት ዝተሰርሑ እዮም። ከንዲ ዝኾነ እዚ ክፍላ ናይ ሕብረተሰብ ዝኾነ መንእሰይ፡ ዓንዲ ሕቖ ሃገርን ሕብረተሰቡን ይኸውን። እዚ ካብቲ እወታዊ ነገር ናይ መንእሰያይ እዩ። ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ ዝኾነ መንእሰይ ኣኣብ መድረኹ ክሓልፎ ዘለዎ ብድሆታት ኣለዎ። እዚ ሕጂ ዘሎ ኤርትራዊ መንእሰይ ከኣ መድረኹ በጺሑ ኣብ መድረኹ ዝነበር ዘሎ እዩ። ገለ ካብቲ ብድሆታቱ መስርሕ ህንጸት ሃገር ኰይኑ፡ ቁጠባዊ ዕቤት ንምዕባይ ዝሰርሕ ዘሎ እዩ። ብኸመይ ኣብ ዝላዕለ ጥርዙ የብጽሖ ግን ንባዕሉ ዝዓበየ ብድሆ እዩ። ማዕረ ማዕረ'ዚ፡ ገለ ኣሰከፍቲ ብድሆታት ክህልዉ ወይ ክርኣዩ ባህርያዊ ይኸውን። ገለ ካብቶም ኣሰከፍቲ ተርእዮታት ኢለ ዝሓሰቦም እምብኣር ገለ ክጠቅሰ፤

1.ንጹር ራኢን ዕላማን ዘይምህላው፥

ሓደ መንእሰይ ንጹር ዕላማ ወይ ራኢ እንተ ዘሃልዩዎ፡ ህዝብን ሃገርን ክምርሕ ወይ ከገልግልሲ ይትረፍ፡ ንነፍሱ ክኸውን'ውን ኣይክእልን። ንነፍሱ ዘይከውን ሰብ ድማ ምልኣት ሰብ ስለ ዝጐድሎ ብላሽ እዩ። ኣብታ ዝነብረላ መሬት ዓቕሙ ዘፍቅዶ ከበርክት ብዘይ ምኽኣሉ ተወቃሲ ይገብሮ። ምንባሩ'ውን ትርጉም ዝህብ ኣይኮነን።



ተማ. ስምረት ተስፋኣለም

ብኣንጻር'ዚ ንጹር ራኢ ዘለዎ መንእሰይ ግን ብሪቕ ጸሓይ ኰይኑ ንህዝቡን ሃገሩን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ህላውኡ'ቱ ኣብ ሃገርን ህዝብን ብጣዕሚ ኣገዳሲ ይኸውን። ዝውጥኖም ዕዮታት ንምትግባር ኩነ ናብ ናይ መፈጸምታ ደረጅኦም ንምብጻሕ ኣይእገምን።

2. ንዝኣመኑሉ ዕላማ መሰዋእቲ ዘይምኽፋል፥

እዚ ሓደ ካብቶም ኣሰከፍቲ ተርእዮ ናይ መንእሰያትና ኰይኑ ይስመዓኒ። መሰዋእቲ ክብል እንከለኹ ተወፋይነት ናይ እንደልዮ ዕላማ ገጢምካ ዘይምምካት ማለተይ እዩ። እዚ መሰረት መንቀሊኡ ድኽመት ሓሳብ ምስ ሕሉፍን ህልዉን መድረኽ ብምዝማድ ኣንፈቱ ዘይምልላይ ክኸውን ይኽእል። ኣብዚ እንታይ'ዩ... መንእሰያት ቀደም ንመንነቶምን ባህሎምን ክብሉ ዘይከፈልዎ ዋጋ ኣይነበረን። ከም ዝመስለኒ ንሕና ካብኣቶም ዝደሓረ ዋጋ ንኸፍል ዘለና ኰይኑ ይስመዓኒ።

3. ጽልዋ፥

ባህሪ ጽልዋ ኣብ መንእሰያት እቲ ዝዓበየ ሽግር እዩ። ምኽንያቱ መንእሰይ ቅልጡፍ ለውጢ ዝብህግን ዝምነን ኣካል ሕብረተሰብ ከም ምዃኑ መጠን ብቐሊሉ ክጽሎን ክጸልውን ግድን ይኸውን። ብፍላይ ኣብዚ ሕጂ እዋን እዚ ምዕራባዊ ጽልዋ ዝበዝሐ ነጊሱ ዘሎ ተርእዮ እዩ። ጽላዋ ኣሉታዊ መዳይ ምስ ዝኸውን ዘይናሕሲ ክሳራ ኣለዎ። ፈውሲ ናይዚ መንእሰይ ኣብ ኣእምርኡ እወታዊ ተግባር ዘማዕብል ኣተሓሳስባ ክህልዎ ጥራይ'ዩ ዘለዎ። ንትግባረ እወታዊ ኣተሓሳስብኡ ኣብ መሬት ኣውሪዱ ብግብሪ ክሰርሓሉ እንተ ድኣ ክኢሉ ንኸምኡ ሰባት ጸላዊ ይኸውን'ሞ መኸሰብ ይርከቦ።

4. ትሑት ናይ ምውርራስ ባህሊ፥

ባህሊ ሓደ ዓቢይ ጽላት ናይ ሕብረተሰብ እዩ። ባህሊ ዘይሓፈሸ ነገር የለን። ንሕና ኤርትራውያን ከኣ ኣዝዩ ውርዙየን ዘኹርዕን ጭዋ፡ ዘተሓፈጸፍ፡ ዘተሓላለ፡ ዘተሓናግር፡ ዘይናግጸን ዘበኛጅን ባህሊ ኣሎና። እዚ ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ኣብ ከምዚ ከማና ዓይነት ሕብረተሰብ ጥራይ ዝጸባረቕ እዩ። እንተኾነ ወለዲ ነዚ ዘኹርዕን ዘኩዕትን ባህሊ ናባና ናብ ደቀም ከምቲ ዝድለ የውርሱ ኣለዉ ኣይብልን። ኣብ ክንድኡ መንእሰያት ዝያዳ ካብ ባህልና፡ ባህሊ ምዕራባውያን ንወርስ ኣለና። ካብዚ ዝዓቢ ስክፍታ ድማ የለን።

5. ሸለልትነት፥

እዚ ተርእዮ'ዚ ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ዓንቀፍቲ ረቛሒታት ኣብ ምንባርን ምንብባርን ናይ ደቂሰባት እዩ። ሸለልትነት ንዘይዕቱብነት ዘርኢ ግናይ ልምዲ እዩ። ሸለልትነት ኣብ ባህላዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ማሕበራዊ ጉዳያትን ግዜን ሃሳዩ እዩ። ብዓቢኡ ኸኣ መንእሰያት፡ ሎሚ ኣብ ግዜ ዘለና ሸለልትነት መግለጺ ትሰእኖሉ። ኣብ ግዜ ሸለልትነት ማለት፡ ደብዛዝ ህይወት ምምራሕ ይቐጽር። ዝገድፎ ስንብራት ድማ ድኽነትን ሓሳርን ይኸውን።

6. ልምዲ ሕማቕ ወልፍታት፥

ሕማቕ ወልፊ ምስሉ ሕማቕ እዩ። ሙብዛሕትና እዝም ዘለና መንእሰያት ኣብ ዝጠቕሙን ዘይጠቕሙን ሃሰይቲ ወልፍታት ከም ኣልኮላዊ መስተ፡ ዝሙት፡ ምትካኽ ሽጋራ፡ ዙርየት፡ ጌምን ካልኦትን ተሰኽቲትና ኢና እንውዕል። መጀመርታ ዝማዕበልና መሲልና ንኣትዎም'ሞ፡ ሳዕቤኖም ምስ ከፋእና ክንሸገርን ክዋጠርን ንርኢ። ወልፊ'ኳ ዓዲምካ ዝመጽእ'ምበር፡ ብውርሻ ዝምሓላለፍ ልምዲ ኣይኮነን።

እዞም ኣብ ላዕሊ ክንሪኦም ዝጸናሕና፡ ገለ ካብቶም ኣሰከፍቲ ተርእዮታት ኢለ ዝሓሰቦም እዮም። ነዚኦም ካልኦትን ኣብ ኣሰከፍቲ ዝኾኑ ተርእዮታት ንምትዓል ሕብረተሰብ ብሓፈሻ፡ ወለዲ፡ ዝምልከቶም ወይ ዝምልከተን ኣካላት፡ ማዕከናት ዜናን ሓበሬታን ኣድላዩ ጎስጓስ ክገብሩ ግዜ ዘይህብ ኰይኑ ይረኣየኒ።



ተማ. ራሄል ሳህለ

ኣሰከፍቲ ተርእዮ ኣብ መንእሰያት ጽቡቕ ኣርኣያ እዩ። እዚ ኸኣ ኩሉ ሰብ ዝዛረበሉ ወይ ዝሓምየሉ፣ መንእሰያት ድማ ዝሕመይሉ ኣርኣያ ብምዃኑ። ኣብዚ ኣርኣያ ሓጺር ርእይቶይ ክካፈል።

ጽልዋ፥

ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ኣሰከፍቲ ተርእዮ ናይ ግዜና መንእሰያት እዩ። እዚ ጽልዋ ናይ መዘና ክኸውን ይኽእል። ጽልዋ ናይ ወጻኢ፡ ጽልዋ ናይ ዕላማን ዕማምን ዘይብሉ ወፍሪ፡ ጽልዋ ሰናይ ተግባር ብሕብረተሰብን መንእሰያትን ዝድገፍ ዕላማ ዘለዎ ክኸውን ይኽእል።

ተማሃሮ ኣካል መንእሰያት ናይ ሓንቲ ሃገርን ሕብረተሰብን እዮም። ሰድራቤታት ድማ ደቀም ተማሂሮም ኣብ ዝበጽሕ ክበጽሑለን ወትሩ ናብ ኣብያተ ትምህርቲ ምስ ለኣኻ እየን። ወለዶም ኣብ ትምህርቲ ዘሎዎም ግዳስ ግዲ ዘይገብሩ መንእሰያት ግን ብዙሓት ኣለዉ። ኣብ ክንዲ ግዜኦም ኣብ ትምህርቲ፡ ካብ ክፍሊ ወጺኦም ኣብ ፈቐዶ ኣንጎሎታት ሽጋራ ክትክኹ፥ ትምባኾ ክቐሕሙ፥ መስተ ሰትዮም መምስ ዝጉነፍዎም ሰባት ክንኡኡን ክተሓናፈጡን ትዕዘቦም መንእሰያት ተማሃሮ ውሑዳት ኣይኮኑን። ዝኸፍኣ ነገር ከኣ ጠላዕ እዩ። ጠላዕ እቲ ዝኽውረመ ዓይነት ጸወታ ኰይኑ፡ ሕሩም ጸወታ እዩ። ጠላዕ ገንዘብ ንምርካብ ዝግበር ጸወታ እዩ። ገንዘብ ምስ ወዳእካ ገንዘብ ንምርካብ ዝግበር መስርሕ፡ ኩልና ከም እንፈልጦ ሰርቅን ከትርን እዩ ክኸውን። እዚ ድማ ዝኸፍአ ወንጀል እዩ። ብዓቢኡ ክትዕዶም ክትብል ኣብ ዘይእቶ ትኣቱ'ሞ ትቐትል ወይ ትቕተል።

ጾታዊ ዓመጽ፥

ከም ካልኣይ ኣሰካፊ ተርእዮ ኣብ መንእሰያት ኢለ ዝሓሰቦ ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ደቂኣንስትዮ እዩ። ኩሉ ከም ዝፈልጦ እቲ መሰርሕ ዓመጽ ውሕስነት ብዘይብሉ መንገዲ ምስ ዝፍጸም፡ ሳዕቤኑ ዘይተደልየ ጥንስን ሕማምን ኪጋጥም ይኽእል። ግዳያት ደቂኣንስትዮ ነዚ ዘይተደልየ ጥንሲ ንምእላይ ህይወተን ይፍትና። ኣብዚ'ውን ክልተ ዕድል ሒዘን ይኣትዋ፣ ሞት ወይ ሰረተ። እታ ግዳይ ዕድለኛ ኰይና ክትሰርር እንተ 'ኽኣለት'ውን ኣብ ህይወታ ዝሓድግ ናይ ማሕበራዊ ዕድላት ምዝንባል ኣቃሊልካ ኣይርኣን።

ክብሪ ወለዲ፥


ወላዲ ልዕሊ ኩሉ ክኽበር ዘለዎ እዩ። ብዝኾኑ ይኹን መዳይ ክድፈርን ክነዓቕን ኣይግባእን። ብፍላይ ብውልዱ ኣሸኺኡ ክድፈር ቀሊሕ ኢልካ ክርአ'ውን ኣይግባእን። ከመይሲ ወላዲ እንተ ድኣ ኩይኑ ናይ ወላዲ ክብሪ ክዋሃብ ስለ ዘለዎ። ወላዲ ብዘይ ምኽባር እንረኽቦ ዓሰበ ውርደት እዩ። ስለዝኾነ እምበኣር ንሕና መንእሰያት ብመጠን እቲ ኣብ ልዕሊ ወለድና እነርእዮ ክብሪ ኢና ክብሪ ንረክብ። እዚ እቲ ክኸውን ዘለዎ እንድዩ፡ ኣንጻር'ዚ ገለ መንእሰያት መስተ ጭልጥ ሓዲሮም ኣብ ልዕሊ'ቲ ጨቓቕ ኢሉ ዘዕበየ ወላዲ፡ ህውከት ፈጢሮም፡ ድቃስ ለይትን መዓልትን ዝኸልኡ ኣካላት ኣይተሳእኑን። "ክቡር መጠን ነፍሱ የኽብረኻ፡ ሕሱር ድማ መጠን ነፍሱ የሕስረካ" ስለዚ ሰብ ዝዘርኦ'ዩ ዝዓጽድ። ክብሪ ድማ ካብ ቤት'ያ ትምንጩ።

ጉዳይ እምነት ወይ ሃይማኖት፥

ከም ራብዓይ ነጥቢ ኣሰካፊ ተርእዮ ኣብ መንእሰያት ዝብሎ፡ ጉዳይ ሃይማኖት እዩ። ኣብዚ ዘመን ብዙሓት እንትይደነቶም ብንጹር ዘይብርሃኖ እምነታት ትዕዘብ። ገለ መንእሰያት ብዘዕብዕም ክዛረቡን ክዕለሉን'ውን ትሰምዕ። ሓደ ሰብ ካብ ወለዱ ተረኪቡ ዝሰዐቦ እምነት ኣለዎ። ካብዚ ወጻኢ ዝምለኽ እምነት ግን ብወገኑይ ቅቡል ኣይኮነን።

ትህኪት፥

ትህኪት ሱር ድኽነት እዩ። ሰብ ከይሰርሐ ክይጻዓረ ረሃጹ ከየፍሰሰን ድራር ኣይረክብን። ድራር ብሰራሕ እምበር ብጸሎት ኣይመጽእን። እዞም ዘለና መንእሰያት ዝያዳ ስራሕ ብዙሕ ከይደኸምና እንደልዮ መጠን ክንረክብ ንሕልን ኰይኑ ይስመዓኒ። ትህኪት ከይተወገደት ጥዑምን ርቡሕን መኣዲ ክርከብ ግን ዘይሕሰብ እዩ።



# ፈቲሐካ

ብትዕግስቲ መንግስቱ

ሃንደበት'ዩ ኣብ ኣወል በጎይ ዝመጸ። ኣነኳ ኣብ'ቲ መጀመርታ ከም ጋኔን ይሓስቦ እንተነበርኩ፥ ዳሕራይሲ ከም ሰብ ፍጡር፡ ካብ ጸምዋ ከገላግለኒ ፍቕሪ ክልግሰለይን ግዜ ኣይወሰደን። ዘይህያው ክሉ ንዓይ ግና ህያው'ዩ። ካብዮናይ ዓለም መጺኡ ብርግጽ ኣይፈልጦ'የ። ግና ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰብ ሓያል ጽልኢ ኣለዎ።

“በጃኻ እንዶ ግደፈኒ ሰላም ጌረ ነዛ ኣወል በጎይ ክሰትያ!” ካብ ከብበኦ ከተርሕቖ ፈተነት።

“ሰላም ክህበኪ እንተደሊኺ እታ ዝበልኩኺ ግበርለይ!”

“ካብይ ከምጽኣልካ ደሊኻዮ? ቅድሚ ሕጂ ዝበልካዮ የማልኣልካ ኔረ። ሕጂ ግን ይትረፍ ነዚ ትእዝዞ ዘለኻ ክብርሲ ነዛ ናብ ኣፈይ እትኣቱ መግቢ'ውን ሰኢነ'የ ዘለኹ! በጃኻ ግደፈኒ!” ብሓውሲ ልመና ክገድፋ ተማሕጸኖየ። ንመጀመርታ እዋን ከምኡ ዓይነት ተቓውሞ ይገጥሞ ብምንባሩ። ምቕባሉ ተጸገመ።

“ኣይትሰምዕንን ኢኺ ማለት ድዩ?” ድምጹ ክብ ኣቢሉ ሓተታ።

“ኣነኳ ኣይገብረልካን'የ ኣይበልኩኻን። ግና ቁሩብ ዓቕሊ ግበር ተጸመመኒ'የ ዝብለካ ዘለኹ።” ትእዛዙ እንተዘይተፈጸሙለ፥ እንታይ ዓይነት መቕጻዕቲ ከም ዘውርደላ ጽቡቕ ገራ ስለ ትፈልጥ ቀልጢፋ ነቲ ዝጸንሐ ትርር ዝበለ ኣዘራርባኣ ክትልውጦ ፈተነት።

“ካብ ዝምጽእ ኣምጺኺ ትገብርለይ። እንተዘይኮይኑ ግና ዝኾነ ኣሎ...” ኢዱ ዓሚቑ ክድህሳ ሓለ።

“ኣነ ድማ እርእየካ!” ንሳ'ውን ካብኡ ኣይሕለፍ ብዝኸምዕ ስምዒት ኢዳ ጸገ ኣቢላትሉ።

“እዋይ! ኣብ ከምዚ ዲና ተባጺሕና?” ፊኪሩ ካብ ቅድሚኣ ተሰወረ።

“ወረዱኒዶ ኣልጋሽ! ካብይ ከምጽኣሉ'ዩ ከምኡ ገሩ ዘጉባዕብዓለይ?” ጉዲፍዋ ምስ ከደ ከም ናይ ኣእምሮ ሕማሚት ንበይና ተዛረበት። ነታ ፈሊሓ ዋና ከም ዘስኣነት ትፈስስ ዝነበረት ጀበናኣ ብሰንብደ ሓፍ ኣቢላ ክትቀድሓ ጀመረት።

“ምስ መን ደኣ'ዚ ኸሉ ዘረባ?” ኣብ ኣስመራ ትቕመጥ ሓፍታ ሃንደበት ሁሩግ ብምባል ካብ ሓሳብ ኣገላገለታ።

“እዋይ ሉተኺዳን ሓፍተይ! በየን ደኣ ኣቲኺ?” ጀበና ናብ ቦትኣ መሊሳ ንኽትሰዕማ ብድድ በለት። ከም ኣመሉ፡ ኣብ ኣወል በና ዝመጸ ጋሻ ካብ ጸላኢኣ ፈልያ ኣይትርእዮን'ያ። ምስ'ቲ ብሕልንኣ ዘፍቀረቶ ጋኔን ውሽጣ እትራኸበሉን ወጻዕ እትብለሉን ግዜ'ዩ። ኣብ'ዚ እዋን ድማ ምስ ዋላ ሓደ ሰብ ክትራኸብ ኣይትመርጽን። ኩሉ ግዜ ወጋሕታ ተንሲኣ ቡን ብምፍላሕ ምስ ኑብሳን ናይ መንፈስ ኣፍቓሪኣን'ያ ተዕልል። ኣብ ከምዚ ሃዋሁ ኣብ መንጎ መጺኡ ዝርብሻ ብኣጻፋራ ክትኣትዎ ኣይትጸልእን። ምኽንያቱ፡ 'ንግሆ ኣብ ኣወል በጎይ ጽቡቕ እንተኣርፊዱ፡ ምሉእ መዓልቲ ጽቡቕ'የ ዝውዕል። እንድሕር ኣብ ኣወልይ ዘረጋ ረኺበ ግና ምሉእ መዓልቲ ምስ ዝረኽበኒ ሰብ ክበኣሰ'የ ዝውዕል' ዝብል እምነት'ዩ ዘለዋ። ንሓፍታ ግና ዘይኣመላ ጽቡቕ ጌራ'ያ ተቐቢላታ። ዋላ'ኳ ሓፍታ ኣመላ ፈሊጣ ኣርፊዳ ክትከዳ ሓሲባ እንተነበረት፡ ዘይተርፍ ቀብሪ ስለ ዝነበራ ግና ዝበለት ትብለኒ ኢላ'ያ እናፈርሐት ማዕጾ ደፊኣ ኣትያ። ዘይከም ግምታ ኣልጋሽ ጽቡቕ ጌራ'ያ ተቐቢላታ። ግን ከኣ ፈቲያ ኣይኮነትን። ምስ'ቲ ከም መልኣኽ ኑብሳ እትቖጽሮ፡ ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ ዝኣዘዞ ክትገብረሉ ስለ ዘይከኣለት'ያ ተባኢሳ። ምስ ምምጻእ ሓፍታ ድማ ናይ መንፈስ ኣፍቓሪኣ ተሰዊሩ።

ሉተኺዳን እንተመጺኣ ገዛብ ከይዝብታ ከምዝይትኸይድ ጽቡቕ ገራ ስለ ትፈልጥ'ያ መርሓብ ኢላ ዝተቐበለታ።

“ኣብ'ዛ ኣወል ቡን እንዲኺ ደኣ መጺኺ! ኣደይ ሰላስ ግዲ ክሳብ ሕጂ ኣይመላውትክን” ፍሽኽ እናበለት ቡን ኣቕበለታ።

ናይ ሓፍታ ኣቀባብላ ንሉተኺዳን ምድንጋር ፈጠረላ። “ኣነ ደኣ ካብ ቀደም እንድየ ዝፈትወኪ ኣቲ ኣልጋሽየ” በለታ።

ቡን ብዕጣንን ዕንባባን ቀዳመይቲ፡ ካልኣይቲ፡ ሳልሰይቲ እናበለት ምስ ተወድኣት፡ ሉተኪዳን ንገዛኣ ክትከይድ ብድድ በለት። ካብ ቦርሳኣ ከፊታ ድማ ብርክት ዝበለ ገንዘብ ኣብ ኢዳ ኣዕሚኻታ ንገዛኣ ኣምርሐት።

ኣልጋሽ'ውን ሓብታ ድሕሪ ምፍናዋ ናውቲ ቡን ናብ ምጥርናፍ ተጸምደት። ሃንደበት ግን ከቢድ ሰኽም ከም ዝተሰከመት ኑብሳ ክርኹመሻ ደለየ። “ኢሂ ሕጂ'ኸ ኣይተተግበርናዮን ኢኺ?” ናይ መውዓእታ ወሰኑ'ዩ መጺኡ።

“ሕጂ ደኣ ረኺበ ኣለኹ እንዶ። ከይወዓልኩ ከይሓደርኩ ጽብቕቲ ሽፎን ከምታ ዝኣዘዝካኒ ክቕርጸ'የ።” ፍሽኽ በለቶ። ንሱ'ውን ዝጸንሐ ሕርቃኑ ዘፍ በለለ። እቲ ኣብ ልዕሊ ኣልጋሽ ክውሰኖ ዝሓሰበ ከቢድ መቕጻዕቲ ድማ ንእለቱ ኣቋረጾ።

“ትእዛዘይተተግበርንኣይተተግበርን ናይ መውዓእታ ቃልኪ ክሰምዕ ኢለ'የ መጺየ ኔረ። ሕጂ ግን ኩሉ ኣቋሪጸዮ ኣለኹ። ልክዕ ከም'ታ ዝኣዘዝኩኺ ኢኺ ትገብሪ። ኣብ ትኸድሉ መዓልቲ ምሳኺ ክኸይድ'የ፡ ካብ ጽባሕ ከይትሕልፍያ” ትእዛዙ ኣመሓላለፈ።

“ሕራይ ጽቡቕ! ዝበልካዮ ከተግበራ'የ” ትእዛዙ ኣሕሊፉ ሃንደበት ተሰወረ። ኣልጋሽ ንበሕታ ምስ ተረፈት፡ 'ክሳብ መዓስ'የ ግዝኣቲ ናቱ ኮይነ ክነብር?' ንነብሳ ሓተተታ። እቲ ሕቶ ግና ኣእመሮኣ ዝምልሶ ኣይነበረን።

***

“ተስፋይ! ንኣስቤዛ ዘኸውን ገንዘብ'ባ ርእየለይ?” ድምጻ ኣትሒታ ኣቢላ ገዛብ ኸህባ ለመነቶ።

“እዋእ! ቅድሚ ሰሙንዶ ኣይሃብኩኽን ንኣስቤዛ ሃቢ ኢልክኒ ዝሃብኩኺ” ጥርጣረ ሓዊሱ ብሰያፍ ጠመታ።

“ክንደይ ትንፋስ ዲና ሒዝና ዘለና። ንሱ ደኣ ተወዲኡ!” ንብዝሒ ስድራ ኣመኽንያ ከተረድኦ ፈተነት።

“ኣነኳ ብኣኻን ብደቅኻን ተኸኺ ኣሎ” ነድሪ ሓዊሱ ኣገባዕቢዑላ።

“ዋይ! ኣታ ተስፋይ። በጃኻ በስምኣብ በል፡ ኣይግዳ ደቂ ኽልቴና እንድዮም። ካን ከም'ዛ ንበይነይ ዝበጽሐኒ ደቅኺ ክትብለኒ” ኢዳ ኣብ ምዕጉርታ ኣልጊባ ብዘረብኡ ከም ዝተገረመት ደነቐት። ኩሉ ግዜ ዝደጋገም ቃል ሰብኣያ እንተኾነ ኣብ ሽዑ በጺሓ ግና ከም'ቲ ዝቐደመ ክትሓርቕ ኣይመረጸትን።

“ሱቕ በሊ!” ብኢዱ ሰቕ ክትብል ኣመልከተላ። “ደቀይን ዘይደቀይን ንገርኒ ኣይበልኩኽን ወዛል!” ጸረፋ።

ኣልጋሽ ጸርፊ ናይ ተስፋይ ከም ቁርሲ ንግሆ ለሚዳቶ'ያ። ይትረፍ ንጸርፊ ነታ ወስ ዘይትሓምቕ ኢዱ'ውን ከም ናታ ትዕድልቲ ጌራ ኣብ ትቆጽሮ ሓጺር ኣይገበረትን።

“በል እቲ ዝበልኩኻ ሃበኒ?” ጉዲፍዋ ብዓስ ክብል ምስ ርኣየቶ ንጸርፊ ከይተገደሰት ናብ'ቲ ዘምጽኣ ጉዳይ ኣተወት።

“ሃበኒ'ምበር እንኳ ኣይትፈልጥን? እንታይ ዓይነት ሰብ ኢኺ ንስኺ? ኣየናይ እዋን ጥዑም መግቢ ሰሪሕኪ ኣብ'ለዐኺ ትፈልጢ ኢኺ ንኣስቤዛ እናበልኪ ሰሙን መጸት ሞኽታይ ተብልዕኒ” ነቲ ሰብ ዘዛረብ ውሕልነታ ከስእኦ ፈተነ።

“ደሓር ከኣ ተረዲኦኒ፡ ገንዘብ ከም ቆጸሊ ኣይኮንኩን ሽምጢጠ ዘምጽኦ ዘለኹ። ርሃጸይ ኣፍሲሰ መሬት ፈሓረ'የ ዘምጽኦ” ኣቶኪሩ ድሕሪ ምጥማት፡ “ኣቢይ ደኣ ይርድኣኪ'ምበር” ኢዱ ናብ ጅባኡ ሰዲዱ ሃሰስ ድሕሪ ምባል፡ ሓምሳ ናቕፋ ኣውጺኡ ደርቢዩላ ተመርቀረ።

ኣልጋሽ ብሓምሳ ናቕፋ እንታይ ዓይነት ኣስቤዛ ክትገዝእ ምኻና ምርዳእ'ኳ እንተ ኣበየ፡ ካብ'ቲ ዘወርዳ ዝበረ ዘለፋ ክትገላገል ግና ዝሃባ ተቐቢላ ጥራይ ትም በለት። ክሳብ ክንሸሎ ከፊቱ ዘወጽእ ብኣዒንታ ዓጀባ ኣፋነውቶ። ካብ'ተን ፍሩያት ኣዒንታ ድማ ንብዓት ጀረብረብ ኣበለት። ሕሳስ ልደ ጓላ፡ እግሪ እግሪ ኣቦኣ 'ማማ' እናበለት ካብ መደቀሲኣ ክትመጽእ ምስ ሰምዓታ ግና ኣብ ትዕዝብቲ ኸይትኣቱ ንእለቱ ንብዓታ ሓንሲሳ “ጓለይ” በለታ።

“ማማ ባዞ ሰኢዞ፡ ክሽይን ከኣ ደልየ?” ናይ ብዕጋግ ምልክት እናርኣየት ኣብ ብርኳ ሕልኽልኽ በለት።

“ንዲ'ዛ ጓለይ ባዞ ደኣ ዘይህበኪ፡” ስዕም ኣቢላ ሓቖፈታ። ኣብ ልዕሊዓ ዝወርድ በደላት፡ ደቃ ክፈልጥዎ ኣይትደልን'ያ። ይትረፍ ደቃ ዋላ ጎረቤታ'ውን እቲ ኣብ መንጎኣን ሰብኣያን ዘሎ ዘይምርድዳእ ከየስተብህልሉ ካብ መጠን ንላዕሊ'ያ ትጥንቀቕ። “እዋይ ተስፋይ! እዞም ብሩኻት ቈልዑ ደኣ ከሰብ ምበር፡ ኩሉ ነገርካ እሾኽ ዳንዴር ኢኹ” ንምስሊ ጓላ እናጠመተት ብውሽጢ ልባ ብዛዕባ ተስፋይ ሓሰበት።

***

ምድሪ ሰማይ ከቢድ ጸልማት ወሪስዋ፡ ወርሒ ህጣማ ኣጥፊኣ ብምንባሩ፥ ብቕድሚኻ መጺዩ ዓይንኻ ዘንቁረካ ኣብ ዘይትርእየሉ ደረጃ በጺሑ። እንክሎ'ዩ ማይ ኑሓሰ ነትዳን በርቅን ኣሰንዩ ጀርቡብ ዝበለ። ፍርቂ ለይቲ ሓሊፋ ብምንባሩ ዝንቀሳቐስ ፍጡር ኣይነበረን - እንተርፎ እቶም ጸልማት ጉልባብ ተጠቂሞም ኣብ ሓደገኛ ቦታ ዘወን ዝብሉ ኢጋንንቲ።

ኣልጋሽ፡ ኣብታ ጸባብ ገዛኣ ኣብ ሕቑፊ ኣፍቃሪኣ ተሸጕጣ ንዓለም ዘጨበጠታ ኮይኑ ይስመዓ ነበረ። “ባዕለይ ዝመረጽኩልኪ ሽፎን ተኸዲንኪ ኣብ ሕቑፈይ ምህላውኪ ማዕረ ክንደይ ከም ዘሐጎሰኒ ክገልጸልኪ ኣይክእልን'የ።” በተን ጻዕዲት ኣስናኑ ፍሽኽ በላ። ኣልጋሽ'ውን ብቓላቱ ተሓጒሳ ብዓጸፌታ ፍሽኽ በለቶ።

“ትፈትወኒዶ?” ንስለ ሕቶ'ዩ ሓቲትዋ'ምበር ካብ ኑብሳ ኣብሊጻ ከም እትፈትዎ ኣጸቢቑ ይፈልጦ'ዩ።

“እናፈለጥካ ኣይትሕተተኒ ምሽ ኢለካ!” ሓውሲ ዝኾረየት ማሰለት።

“በሊ ደሓን ኣይትኾርዪ። ክትከውርዩ ከለኺ ክትከፍኢ መዓት ኢኺ!” ኣፍንጫኣ ብኢዱ ወጠጦ።

ኣልጋሽ ዋላ'ኳ ብዕድመ ዓባይ ትኹን ነቲ ድራር ዓይኒ ኢላ ዘጠመቖቶ ናይ መንፈስ ኣፍቃሪኣ ክትርኢ እንክላ፡ ናብ ቈልዓ'ያ ትቕየር። ንሱ ኣብ ጎድና እንተሎ ንቡር ዕድሜኣ'ውን ትዝክሮ ኣይኮነትን - ትሕንቀቕ ጥራይ።

ይቕጽል



## ገጻት ሂወት

# ሕልሚ ተጋሂዱ!

ኣካል መብራህቱ

### 4ይ ክፋል

ሂወት ኣብ ዓመተ 1985-86 ካብ መፋልሶ ንሱዳን ምስ ተሰደት ዝኾነ ደሃይ ስድራቤታ ኣይነበራን። ሃለዋታ ምስ ተረኽበ'ሞ ኩሎም ቤተ ሰባን መተዓብይታን ኣብ ውሽጢ ሃገር ከም ዘለው ምስ ተሓበረት ከኣ እነሆት ግዜ ከይበልዐት ናብ'ቲ ይነብርሉ ዝበሃል ዓዲ ክትበጽሖ ተበገሰት።

ብወገና እታ ንሂወት ዝዓጀበት ጉጅለ(ስድራ) ካብ ኣስመራ ናብ ዞባ ጋሽ ባርካ ምብጋሳ ምስ ኣረጋገጽና ነታ ቤት ጽሕፈት ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ምምሕዳር ዞባ ጋሽ ባርካ ዘፈቐዱልና መኪና ኣዳሊና ኣብ ባረንቱ ተጸበና። ሂወት ምስ ደቃን ምስቶም ነኣስመራ ክበጽሕዋ ዝኸዱ ቤተ ሰባን ሓቢራ ንባረንቱ ብዘበጽሐት ድማ፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ናይ ግዜ ዕረፍቲ ተታሓሒዝና ጉዕዞ ናብ ገረምፊት ጀመርናዮ።

ገረምፊት፡ ሓንቲ ካብተን ስርዓት ወያነ ካብ መዓስከር ተፈናቒልቲ ሸላብ ዝሰጎጎም ኤትራውያን ክጥዩሱላ ዝተመርጸት ካብ ኣውጋሮ ንምዕራብ ኣስታት 20 ኪ.ሜ. ተፈንቲታ እትርከብ ዓዲ'ያ።

እቲ ካብ ባረንቱ ንደቡብ ዝቐንዕ ኣንፈት ጉዕዞና፡ ሻካት፡ ዳሴ፡ ብራር ዝበሃላ ዓድታት ሓሊፉ ማእዙ ናብ ደቡባዊ ምዕራብ ብምቕናዕ ናብ'ቲ ንጾማን ዝወስድ መስመር ስለ ዝመረጽና ንሩባ ጋሽ ዝቖርጽ ሓጺናዊ ድንድል ጋሽ ሰገርና ዓድ ኢብርሂም ብምሕላፍ ንሓጺር ናይ ሻሂ ዕረፍቲ ኣብ'ታ ማእከል ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ላዕላይ ጋሽ ዝኾነት ኣውጋሮ ኣዕረፍና።

ንኡስ ዞባ ላዕላይ ጋሽ ሓንቲ ካብተን ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ኣዋርሕ ኣገልግሎት መስመር ኤሪትል ዝተዘርግሓለን ከበቢታት ብምዃና እቶም ብዓቢ ሃንቀውታ ንምምጻእ ሂወት ዝጸበዩ ዝነበሩ ደቂ ዓዲ ኣብ ኑቡሲ ወከፍ ደቓቕ እናደወሉ ምክትታሎም ኣይቋረጹን። ካብ ኣውጋሮ ተበጊስና ሩባታትን ሰንጭሮታትን ዝበዝሖ ቅርጺ መሬት ጡሓሒስና ድማ ኣብ ድርኩኺት ናይ'ታ ካብ ኣውጋሮ 20 ኪ.ሜ. ጥራይ ተፈንቲታ ዝነበረት ገረምፊት ተጎማገምና።

ተቐማጦ'ታ ዓዲ ዳርጋ ኩሎም ነታ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ደሃያ ዝተረኽበ ሂወት ብኣካል ንምርኣይ ኣብ ትጽቢት ነበሩ። ኣብ'ታ ዓዲ ወላ ሰሙናዊ ዝዑደድ ዕዳጋ ይንበር'ምበር እቲ ዝያዳ ንበርቲ'ታ ዓዲ ተኣምር ኮይኑ ዝተሰምዖም ንሂወት ብኣካል ንምርኣይ'ዩ። ንሕና'ውን ነታ ሂወት ድሕሪ 30 ዓመት ካብ ኣሕዋታን ኣሓታን ኣትሒዝካ ምስ ዓዲ ብምልእታ እትራኸበላ ህሞት ንምስናድ ህንጡያት ነበርና። ኣብ ኢጋ ምዝዛም ጉዕዞ ከኣ'ዩ ገና ኣብ መገዲ ከለና ዝኾነ ቁልዑትን ንእስነትን ሂወት ዝተበራበረ። ገለ ካብቲ ምቁርን ተናፋቕን እዋን ንእሽቶ ከተዘንትወልና ጀመረት-ሂወት።

***

ሂወት ኣለማዮ ካብ ኣቦኣ ኣቶ ኣለማዮ ኣጽብሃን ኣደኣ ወይዘሮ ለተሚካኤል ሽቃ ገረዝጊሄርን'ያ ኣብ ንኡስ ዞባ ሞልቂ ገዛ ቀላቲ ዝበሃል ዓዲ ብጎንጎ ኣብ መወዳእታ 60ታት ተወሊዳ። ኣቶ ኣለማዮን ወይዘሮ ለተሚካኤልን ሉቴሰሉ፡ ዘሙይ፡ ንግስቲ፡ ኑብያት፡ ባህታ፡ ምንያ፡ ሂወት፡ ዓስቂን ፍስሃን ዝሰመይምም ትሽዓተ ቆልዑ ወለዱ።

ኣቦሓጎታቱ ንኣቶ ኣለማዮ ኣጽብሃ መበቆሎም ዓዲ ሓርቦ ዝበሃል ኣብ ንኡስ ዞባ ደባሩዋ ዝርከብ ዓዲ'ኳ እንተኾኑ፡ ካብ ነዊሕ ዓመታት ዝተቐመጥዎን ከም ቀንዲ ዓደም ዝቖጽርዎን ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ዝርከብ ጸጸራት ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዓዲ'ዩ። ገዛ ቀላቲ ድማ ዓዲ እንዳ ኣሕሞኡ ንኣቶ ኣለማዮ'ዩ። ንሱ ብምኽንያት መጓሰን ሕርሻን'ዩ ናብ'ቲ ዝሓሸ ኮይኑ ዝተሰምዖ ገዛ ቀላቲ ዝገዓዘ። ድሕሪ ብርክት ዝበለ ዓመታት ከኣ ካብ ገዛ ቀላቲ ናብታ ኣብ ትግራይ ትርከብ መፋልሶ ቀጸለ። ኣብ መፋልሶ ከም'ቲ ዝገመቶ ጥሪቱ ክሰስንን ሕርሻዊ እቶቱ እናተመሓየሸን ብምኻዱን ህይወት መፋልሶ መቀሮ'ሞ ኣብኡ ተቐመጠ።

ኣቶ ኣለማዮ ስድርኡ ጠቕሊሉ ካብ ገዛ ቀላቲ ናብ መፋልሶ ኣብ ዝቖሰሉ እዋን ሂወት ጓሉ፡ ጓል ሰለስተ ዓመት ጥራይ'ያ ነይራ። ኣገዳሲ ሃሰስ ጡብላሕታ እንተዘይ ኮይኑ ዝኾነ ዝኽሪ ገዛ ቀላቲ ከምዘይብላን ብምልኡ ዝኽሪ ንእስነታ ኣብ መፋልሶ ብዝሕለፈቶ ግዜ ንእስነት ዝተዓበለለ ምዃኑን ድማ'ያ ትገልጽ።

ንሳ ስድራኣ ብጥሪት ኮነ ብፍርያት ሕርሻ ርቡሓት ምጣርም ጥራይ ዘይኮኑ፡ ልኡኽ ጉዛን በረኻን እናማልኡ ዘሕንቅቕዋ ሽዱሽተ ኣሓትን ኣሕዋትን ብምንባሮም እዋን ንእሽቶ ብሕንቃቐን ምቾትን ከም ዘሕለፈቶ'ያ ተብርህ።

ኣጀቦ ካብ'ቲ ትናፍቖን ካብ ዝኾነ ምህሳስ ዝኣበየን መግቢ'ዩ። እቲ ምስ ሳናድኣ ኣብ ሩባታት መፋልሶን ኣብ ሃንሱማስቀለ ዝጽወት ጸወታትን'ውን ካብ'ቶም ቀንዲ ንዝኾነ ንእሽቶ መመለሶም ዘሕደሱ ተዘክሮታት ኢዮም።

ሂወት ዕድሚኣ እናወሰኸ ኣብ ዝኸደሉ ውዳቤታት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ'ቲ ኤርትራውያን ዝቕመጥሉ ዓድታት እናኣስፋሕፍሐ ኣብ ዝኸደሉ ብመዘንኣ ተጻልያ ካብ ስድርኣ እናሞለቐት ኣብ'ቲ ንሜዳ ኤርትራ ዝሰለፉ ዝምዝዝበሉ ቦታ ትመላለስ እኳ እንተነበረት ብዕድመ ኣዚያ ንእሽቶ ብምንባራ ኣብ'ቲ ፈለማ እዋን ተቐባልነት ኣይረኸበትን። እቲ ብመዘኑኣ ተጻልያ ዝጀመረቶ ሰውራዊ ስምዒት እናወሰኸ ብዝኸደ ግና፡ ናይ ምግዳል ድሌታ ዝያዳ ሓየለ። ብዕድመ ግን ገና ጓል 12 ዓመት'ያ ዝነበረት።

ይኹን'ምበር ኣብ'ዚ ዕድመ'ዚ እንከላ፡ ኣብ ርሑብ ባይታ ኣብ ዝበሃል ካልእ ናይ ትግራይ ከባቢ ዝቐመጡ ብእንዳቦይ ኣሰየ ብርሃ ዝጽውዑ ፍሉጣት ኤርትራውያን ስድራቤት 'ጓልኩም ሃቡና' ዝበሉ ሽማግለ ናብ መፋልሶ እንዳ ኣቶ ኣለማዮ ኣጽብሃ ሰደዱ።

***

ዕላል ዝኽሪ ንእስነት ሂወት፡ ኑቶም ምስኣ ንጉዓዝ ዝነበርና መቒሩና'ኳ እንተነበረ፡ እታ መኪና ናብ ውሽጢ ገረምፊት ምስ ምእታዋ ግና እቲ ምቁር ዕላል ምስ'ቲ ብኩቦሮን ጣቕዒትን መማዕረጊ ኣቓጽልትን ዝተሰነየ ኣደታት ገርምፊት "ሂወተይ' መጺእክለይዶ 'ኽጸበየኪ." እናበላ ዝጀመረኦ ደርፍን ትልሂትን ሃንደበት ተሓዋወሰ። ኣብ ባሕሪ ትዝታ ንእስነት ጠሊቓ ዝጸንሐት ሂወት ሃንደበት ምስቶም ንልዕሊ 30 ዓመት ዝተፈለዩቶም ቤተሰብ ብኣካል እትራኸበሉ ህሞት ከኣ ኣኸለ። ብኡንብኡ ድማ ስምዒት ተቐባልን ጋሻን ተሓዋወሰ። ሓጎስን ናፍቖትን፡ ሰሓቕን ንብዓትን...ኮታ ኩሉ ነገር ተደባለቐ።

ብወገና ነቲ ሂወት 'ኣብ መንጎ ምስላፍን መርዓን ተቐርቂራ ከላ ዘቋረጸቶ ዝኽሪ ዕላላ ንምስማዕ ተሃንጢና ነበርና። እቲ ውዕወዕ ስኡ-ስርዓት ኣቀባብላ ቀስ ብቐስ ሃዲኡ ተዛማዲ ዕረፍቲ ምስ ሰዓበ ከኣ "ቀጺሊ ጉዕዞ ሂወታ እንታይ ይመስል?" ንዝብል ሕቶ ንምምላስ ነቲ ነዊሕን መስተንክርን ዕላል ሂወት ንምስናድ ቪድዮ ካሜራ ምስ ብርዕን ወረቐትን ኣዋደድና።

ይቕጽል





# ንእፎልጦ

ሳሙኤል ገብረብርሃን

## ብዛዕባ ኮሚደረዶ ገለ ክንብለኩም?

ኣቡቲ ኣብ ማእከል ሶሜናዊ ባሕሪ ዝርከብ ኑዩዲ ዝኳዓተሉ ቦታታት ፍረታትን ኣሕምልትን ደብቀል እዩ፡፡ ኮሚደረ ብዙሕ ክዝክን ዘድልዮ ተኽሊ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ሓደ እኹል ማይን ዘድሊ መኣዛታትን ዝሓዘ ፕላስቲክ፡ እቲ ዘርኡ እንተ ተዘሪኡ ብዘይሓመድ ክፀቢ ይኽእል እዩ፡፡ ስለዚ ኣቡቲ ብዘይካ ትቦታትን ማሽናትን እንተ ዘይከይዱ ሓፃላይ ነገር ዘይርከቦ ኑዩዲ ዝወጸሉ ቦታ፡ ባዕልኻ ዘፍረኻዮ ፍረ ምርካብ ዓብዩ ነገር እዩ፡፡

ኮሚደረ ቅሩብ ክዝክን ጥራይ ብምግባር ኣብ ምድረብዩ እውን ክፈሪ ይኽእል እዩ፡፡ ኣብቲ ኣብ ግብጺ ዝርከብ ኣኽራን ሰናይ ዝኑበሩ ጃባሊያህ በዶዊን ዝበሃሉ ዓሌት እውን ዛላ ብምዝላይ ካብ ዓይኒ ማያትን ዒላታትን ብዘረኽብዎ ማይ ከምኡውን ሳሕቲ ብዘዘንብ ዝናብ ገይሮም ኣታኽልቲ የፍርዩ እዮም፡፡ እቲ ተጠንቂቖም ብማስኖ እናኣስተዩ ዘፍረይዎ ግዚፍ ዝዓይነቱ ዘርኢ ኮሚደረ ኣብ ጸሓይ የንቅጽዎ እሞ ኣብ እዋን ሓጋይ ደብልዕዎ፡፡

ኮሚደረ ኣብ መላእ ዓለም ተፈታዊ ዝኾነሉ ቐንዲ ምኽንያት ግን ኣብ እተፈላለየ ዓይነት ሓመድን ክሊማን ስለ ዝበቁል ኣይኮነን፡፡ መብዛሕትኡ ዓይነት ኮሚደረ ብርእሱጽግያ'ዩ ዝዋሰብ፡፡ ስለዚ እተፈላለየ ጣዕሚ ዘለዎ በበዓይነቱ ኮሚደረ ኽርከብ ይከኣል እዩ፡፡ ኣብዚ ግዜ እዚ 4,000 እተፈላለየ ዓ ይ ነ ት ኮሚደረ ኣሎ፡፡

እቲ ደቂቕን ብዙሕ ማይ ዘለዎን ዓይነት ኮሚደረ ንስላጣ የመልክዎን ጣዕሚ ይወስኽሉን እዩ፡ እቲ ሶማርሳኖ ዝበሃል ምቁርን ወጥወጥ ዝበለን ኮሚደረ ኸኣ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ታኒካ ተዓሺጉ'ዩ ዝሽየጥ፡፡ እቲ ኻብ ክሸን ሰዳኖውያን ዘይጠፍእ ግዚፍ ዝዓይነቱ ኮሚደረ፡ ኣብ ሰላጣን መግቢ ንምኽሻንን ኣገዚ ጸቡቕ እዩ፡፡

እንተኾነ ግን ኮሚደረ ዕዉት ክኸውን ዝኸኣለ ሳላ ጣዕሙ እዩ፡፡ ኣብ ፒሳ፡ ሰላጣ፡ ሰጎ ወይ ኣብ ጸማቑ ክኣቱ ኸሎ ኣፍካ ማይ ዘምልእ መቐረት'ዩ ዘለዎ፡፡



## ፍለጡለይ?

ብቐልጢ ተውዳደርቲ'ዩ ዝጸወት፡፡ ኣብ ቤት ሕጽኖት ወይ ምስ መርዓት ምልሶት ይጽወት፡፡ ዓብይቲ ሰባት'ውን ኣብ ዓዲ ይጻወትዎ እዮም፡፡ ኣብ ከውሒ ተወቒሩ ወይ ኣብ መሬት ተፋሒሩ ወይ ድማ ኣብ ዕንጸይቲ ተጸሪቡ ዝስራሕ፡ 12 ጉናጉዲ ኮይኑ ነፍሲ ወከፍ ሰለስተ ዓረር ይሕዝ፡፡ ኣብ ክልተ ጫፋቱ ከኣ መኣከቢ ዓረር ዝበሃል ዕቢዩ ዝበለ ጉናጉዲ ኣለዎ፡፡ እቲ ጸወታ መን ከም ዝጀምሮ ንምፍላይ መጀመርያ ኣቀዳዳም ዝበሃል ጸወታ ይጽወት፡፡ እቲ ቀንዲ ግና ኣወጋግኡ፡ ላመይ ወሊደሊዩ፡ ኢጋፋፍ ዝበሃሉ ዓይነታት እዮም፡፡ እዚ እንታይ ዓይነት ጸወታ እዩ? መልሲ ከይረኣኹም ፈትኑ፡፡......ገበጣ ይበሃል፡፡

## ኣዝማ ዝብልዋስ . . . !

ካብ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና ዝተረኽበ ጸብጻብ ከም ዝሕብሮ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ዓለም ናይ ኣዝማ ዝርጋሐን መጠን እቶም ብሰንኪ እዚ ሕማም እዚ ሆስፒታል ዝኣትዉ ሕሙማትን ብ40 ካብ ሚእቲ ወሲኹ ኣሎ፡፡ ስለምንታይ'ዩ ወሲኹ? ኣባላት ናይ ኣመራጽን ኮሌጅ 'ኦቭ ቸስት ፊዚሻንስ' ብዛዕባ እቲ ክኸውን ይኽእል'ዩ ዝበልዎ ምኽንያት ከመልክቱ ከለዉ፡ ናይ ገዛ እንስሳታት ምውናን ምብዛሑ ምስቲ ጸቢብን ንጹህ ኣየር ዘውሕዶን መንበሪታት ንኣዝማ የጋድዶ'ዩ ይብሉ፡፡ "ዘ ቶሮንቶ ስታር" ከም ዝበሎ፡ ኣዝማ ብምኽንያት ናይ "እንስሳታት (ቁርበት፡ ጸጉሪ፡ ከምኡውን ክንቲት)፡ ኣብ ደሮና ዝርከቡ ደቀቕቲ ነፍሳት፡ ዓሳው፡ ናይ ሽጋራ ትኪ፡ ናይ ዕምባባ ጽጌ፡ ናይ ከብቲ ብከሉ፡ ከምኡውን ብርቱዕ ሽታ፡" ክለዓል ይኽእል'ዩ፡፡ እቲ ዝኸፍኣ መለዓዓሊ ድማ ጸጉሪ ድሙ'ዩ፡፡ እታ ጋዜጣ መብዛሕትኡ ብሰንኪ እዚ ዝመጽእ ሞት ክትከላኸሎ ዝከኣል ስለ ዝኾነ ኣዝማ ፍሉይ ቈላሕታ ክዋበረሉ ኣለዎ ትብል፡፡ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ካናዳ ዳርጋ 1.5 ሚልዮን ሕማም ኣዝማ ዘለዎም ሰባት ኣለዉ፡፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ድማ ዳርጋ 500 ዝኾኑ በቲ ሕማም ይሞቱ፡፡



## ስለምንታይ ንሰይብ ይመሳሰለኩም?

መብዛሕትኡ እዋን ሰበይቲ ከም ምልክት እርጋን ጌርካ'ዩ ዝርአ፡፡ ዕድሚኡ ኣጸቢቑ ዝደፍአ ሰብ ከኣ ጸጉሩ ሻሽ'ዩ ዝመስል፡፡ ልክዕ እዩ ሰበይቲ ምስ እርጋን እናበዝሐ'ዩ ዝኸይድ፡፡ እንተኾነ ግን ካልእ ረቛሒታት እውን የምጽእ እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ካብ መጠን ንላዕሊ ብኣመጋግባኻ ክትጥንቀቕ ክትብል ብዋዕእ ዘይትብልዕ እንተደኣ ኼንካ፡ ሓደ ጠንቂ ክኸውን ይኽእል'ዩ፡፡ ጺታኻ ኸኣ ቀደም ዝበረኻ ሕብሪ ጸጉሪ ብዘየገድስ ክትሰይብ ትኽእል ኢኻ፡ እንተኾነ ግን ሰበይቲ ኣብቶም ጸለም ጸጉሪ ዘለዎም ሰባት እዩ ብዝያዳ ጎሊሑ ዝርአ፡፡

ገሊኦም ሰባት ስለ ዝሰየቡ፡ ካብቲ ናይ ሓቂ ዕድሚኦም ዝዓበዩ ገርካ ደርአዩ ኣይዮም፡ እዚ'ውን የተሓሳስቦም እዩ፡፡ በቲ ሓደ ሸነኽ ከኣ ገሊኦም ሰባት ሰበይቲ እኳ እንተ ዘይብሎም፡ ትርኢቶም ምስ ዕድሚኦም ዘይመጣጠን ብምዃኑ የተሓሳስቦም እዩ፡፡

ክትሰይብ ከሎኻ እቲ ጸጉሪ ሞይቱ ማለት ኣይኮነን፡፡ ከም ሓቂ እንተ ኾይኑ፡ ከሉ እቲ ኣብ ቁርበት ንላዕሊ ዘሎ ጸጉሪ ምዉት እዩ፡፡ ነፍሲ ወከፍ ጸጉሪ ኣብ ውሽጢ ቁርበትና ሱር ኣለዎ፡፡ ጫፍ ሱር ናይቲ ጸጉርና ጥራይ'ዩ ህያው ክፋል ናይቲ ጸጉሪ፡፡ እዚ ኽፋል እዚ ኸም ፋብሪካ ጸጉሪ ኾይኑ የገልግል፡፡ ኣብ ሱር ጸጉርና ዝርከቡ ዋህዮታት እናተመቓቐሉ ጸጉሪ ምስ ከኑ፡ ካብቶም ቀለም ዘዳልዉ ዋህዮታት ቀለም ይመጽኡ፡፡ እቶም ቀለም ዘዳልዉ ዋህዮታት ቀለም ምድላው እንተ ኣቋሪጾም፡ እቲ ጸጉሪ ይሰይብ፡፡

ቀለም ዘዳልዉ ዋህዮታት ብዘንደበት ስርሖም ዘቋርጹሉ ምኽንያት ክሳዕ ሕጂ ኣይተፈልጠን፡፡ ስለዚ ኸኣ'ዩ ሰበይቲ ንምጥፋእ ዘኽእል ሕክምና ዘየሎ፡ ቀለም ምድላው ዘቋረጹ ዋህዮታት እንደገና ስርሖም ይጅምሩ ምዃኖም ድማ ይፍለጥ እዩ፡፡

ገሊኦም ኣብዚ ዘመንና ዝመጹ ሕክምናታት ይገብሩ እዮም፡፡ ገለ ኻብዚ ኑቲ መላኺን ዝበሃል ባህርያዊ ቀለም ምውጋእ እዩ፡፡ ገሊኦም ከኣ ንጸጉሮም ቲንታ ይለኽይዎ፡ እዚ ግን ካብ ጥንቲ ዝነበረ እዩ፡፡ ጥንታውያን ግሪኻውያንን ሮማውያንን ጸጉሮም ቲንታ ይለኽዩ ነይሮም፡፡ ጥንታውያን ግብጻውያን ከኣ ንጸጉሮም ደም ብዕራይ ይለኽይዎ ነበሩ፡፡

ጸጉርኻ ቲንታ ምልካይ ግዜን ጻዕርን ዝሓትት እዩ፡ ንገሊኦም ድማ ናይ ቈርበት ሕማም ወይ ናይ ቈርበት ምቕጣዕ የስዕበሎም፡፡ ንዝሸየበ ጸጉርኻ ቲንታ ትለኽዮ እንተደኣ ሃሊኻ፡ ምናልባት ሓደ እዋን ከተቋርጾ ትደሊ ትኸውን፡ ኣብቲ ግዜ እቲ ሸበት ምቕልቃሉ ዘይተርፍ እዩ፡፡ ብእወታዊ ጎድኑ ኽርኢ ኸሎ ሸበት ግርማ ክኾኖካን ቅድሚ ሕጂ ዘይነበረካ ኽብሪ ኽህበካን ይኽእል እዩ፡፡

## ንተወሳኺ ኣፍልጦ

* ገመል ክሳብ 30 ጋሎን (113 ሊትሮ) ኣብ ውሽጢ 13 ደቓይቕ ክሰቲ ይኽእል፡፡
* ኣብ መወዳእታ 2011 ካብ ዝተረኽበ ጸብጻብ፡ 200 ሚልዮን መልእኽትታት ኣብ ትዊተር መዓልታዊ ይእንገድ ኔሩ፡፡
* ፍሬንች ፍራይስ ተባሂሉ ዝፍለጥ ካብ ድንሽ ዝስራሕ መግቢ፡ መበቆሉ ፈረንሳይ ዘይኮነስ ቤልጅዩም እዩ፡፡
* ኣብ መዓልቲ ኣስታት 7 ሚእታዊ ዝኾኑ ኣሜሪካውያን ኣብ ማክዶናልድ ይምገቡ፡፡
* ዋላ ሓንቲ ናይ ተፈጥሮ ዋሕዚ ማይ ዘይብላ ሃገር፡ ሰዑዲ ዓረብ እያ፡፡

# ምልክታ

ዳሃብ ዳዊት - ቤተልሄም ታደሰ

## ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣብ መንን ከሳሲት ወ/ሮ ፍረወይኒ ገብረ ትኩእን ተኸሳሲ ኣቶ ጥሩነህ ዘሩሁንን ብዘሎ ውዕል ናይ መሸጣ ገዛ፡ ናብ ስም ከሳሲ ክመሓላለፈላ ክሲ መስሪታ ስለዘላ፡ ተኸሳሲ ፍሉጥ ኣድራሻ የብሉን ስለዝተባህለ ኣቶ ጥሩነህ ዘሩሁን ተጸዊዖም ን26/10/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ። እንተዘይቀሪቦም ቤ/ፍ ኣድላይ ዝበሎ ውሳነ ክህብ ምዃኑ የፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ 4 ኣስመራ

ፍረዝጊ ደስታ፡ ስዉእ ኣኮይ ተሸመ ዋሲ ኣፍለይ ብሂወት እንከሎ ዝገደፈለይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ኣባሻውል

ወ/ሮ ኣለም ኤልያስ ክፍሎም፡ ሓውና ኣማኑኤል ኤልያስ ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ገጀረትን ቲራቮሎን

ትዕበ ስዩም ተወልደ፡ ኣደይ ሓዳስ ሃብተሚካኤል ተስፋሚካኤል ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ ሓፍተይ ዑቅባ ስዩም ወረስቲ ናይ ኣደና ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ወ/ሮ ጽገሃና ይሕደጎ ነጸርኣብ በዓል ቤተይ ኣቶ ገብረስላሴ ባይረ ገብረታትዮስ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምልእተ ገ/መስቀል ኣበድ፡ ወላዲትና ወ/ሮ ለታይ ሓድጉ ሃብተጼን ስለዝሞተት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/10/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ትሕቲ ዕድመ ኣድሓነት ሃይለስላሰ ተኪኤ ኣማን ብሞግዚታ ወ/ሮ ማህሌት ግርማይ ገብሩ ኣቢላ፡ ኣቦይ ሃይለስላሰ ተኪኤ ኣማን ስለዝሞተ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ወልዱ ገብሩ ተስፋ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ኢትዮጲያ ክፍለየሱስ ወልደስላሴ ስለዝሞተት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ማይተመናይ ፖራዲዞ ጸጸራት

ወ/ሮ ንጽህተ ዑቅባስላሴ ተኪኤ በዓል ቤተይ ኣቶ ጎንጬ ሃብተማርያም ተስፋዝጊ ስለዝሞተ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/11/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ኪዳነ ተከስተ ገብረኪዳን፡ ሓትነይ ወ/ሮ ትንሳኤ ዘርኣ ወልደገብርኤል ብሂወታ ከላ ብዕለት 21/9/2006 ብሂወታ ከላ ኣብ ቅድሚ መሰኻኽር ዝገበረትለይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጎዳይፍን ሰምበልን

ኣቶ ሚኪኤል ተወልደመድህን ሃብተሚካኤል፡ ኣቦና ተወልደመድህን ሃብተሚካኤል ገብሪሄት ስለዝሞተ፡ ኣደና ወ/ሮ ኣስካሉ ገብረክርስቶስ ጊላሚካኤል ናይ መጻምዲ መሰላ ክሕለወላ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ድማ ናይ ኣቦና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ጻዕዳክርስትያን

ኣቶ ዳንኤል ነጸረኣብ ቀለታ፡ ኣቦና ነጸረኣብ ቀለታ ወ/ሚካኤል ስለዝሞተ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይን ከምኡ'ውን በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ክብራ ገ/ሒር ናይ መጻምዲ መሰላ ክሕለወላ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንግስቲ መሓሪ ተስፋልደት፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋኣለም ሰለሙን መብራህቱ ን8 ዓመት ዝኣክል ደሃይ ስለዘይብለይ ተጸዊዑ፡ ን30/10/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት ፍርዲ ወኪድባ

ወ/ሮ ገርግሽ ገብረትንሳኤ፡ ሓፍተይ ወ/ሮ ሂወት ገብረትንሳኤ ስለዝሞተት፡ ኣነ ኣብ ዓድና ዝርከብ ዝንቀሳቐስ ኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናይ ሓፍተይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበላ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/15 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

SPECIFIC PROCUREMENT NOTICE (SPN)

State of Eritrea

MINISTRY OF EDUCATION

Support to Technical Vocational Education and Training (STVET)

## INVITATION FOR BIDS (IFB)

Date: September 18, 2015
Loan No.: 2100155021466
IFB No.: STVET/ADF/G/NCB/001/2015

Procurement of Printing of TVET Textbooks

1. This Specific Procurement Notice follows the General Procurement Notice for this project which appeared in Development Business Issue No. 815 dated January 31, 2012, and on the African Development Bank's Internet Website (www.afdb.org).

2. The Government of The State of Eritrea (GoSE)has received a financingfrom the African Development Bank in various currencies towards the cost of Support toTechnical Vocational Education and Training Project (STVET). It is intended that part of the proceeds of this financing will be applied to eligible payments under the contract for the Procurement of Printing of TVET Textbooks.

3. The Project Management Unit of the Ministry of Education (PMU–MoE)now invites sealed Bids from eligible Bidders for the supply of printing of TVET Textbooksand Related Services.

4. Interested eligible bidders may obtain further information from and inspect the bidding documents at the office of PMU–MoE,Hday Street No.: 748-1, DembeSembel, Block "A", First Floor, P. O. Box: 1099, Asmara, Eritrea, Tele: +291-1-151614, Fax: +291-1-152181, Email: mgilagaber@gmail.com, or michaelsheghe@gmail.com

5. A Complete set of bidding documents may be purchased by interested bidders on the submission of written application to the above and upon payment of non-refundable fee of US$ 50 (Fifty US dollars only) or its equivalent in Eritrean Nakfa (ERN), or in any other freely convertible currency. Foreign bidders shall transfer the cost of bidding documents in USD to DZ BANK, FRANKFURT, GERMANY, SWIFT: GENO DE F, for credit to IBAN:DE39500604000001030736, SWIFT: BOERERAI, ASMARA, ERITREA (maintained with them), in favor of (beneficiary), i.e. PMU–MoE, Account Name: STVET-GOE FUND, Account No.120.301.0581, for the set.

6. The provisions in the Instructions to Bidders and in the General Conditions of Contract are the provisions of the African Development Bank Standard Bidding Document: Procurement of Goods.

7. Bids must be delivered to the above office on or before 10:00 hours local time (GMT +3) on Tuesday November 17, 2015 and must be accompanied by a security of USD 6,000.00 (Six thousand US Dollars) or Eritrean Nakfa 90,000.00 (Ninety Thousand ERN).

8. Bids will be opened in the presence of bidders' representatives who choose to attend at 10:00 hours local time (GMT +3) on Tuesday November 17, 2015,at the offices of PMU–MoE,Hday Street No.: 748-1, DembeSembel, Block "A", First Floor, Asmara, Eritrea.



ንትን ብመስሓቅን መሃርን ትሕዝቶኣን ዝፍለጣ 1ይ 2ይ ክፋል ሽሬክ
ከምኡውን ማዳግስካር፡ ናብ ትግርኛ ተርጒሙ ዘቕረበ
ሕጂ ድማ ነዛ ፊልም ብውሕልነት ናብ ህዝቢ ኣቕሪብዋ ኣሎ።




"ዘውዘዋ-ቴንግሊድ" ኣብ ሆሊዉድ ዝተሰርሐት ፍትውቲ
ፊልም ብትግርኛ ተተርጒማ ቀሪባ ኣላ።

ንቀዳምን ሰንበትን ዕለት 4ን 5ን 10/15
ኣብ ሲነማ ኢምፐሮ

## Invitation for Bids

Procurement of
Science Demonstration Items
for
Eritrean Middle Schools
ICB No: PMU-MOE/GPE/G/ICB/001/2015

1. The Government of the State of Eritrea has received a grant from the Global Partnership for Education (GPE) toward the cost of Enhancing Equitable Access to Quality Basic Education for Social Justice, and it intends to apply part of the proceeds of this grant to payments under the contract for the procurement of Science Demonstration Items for Eritrean Middle Schools, ICB No: PMU-MOE/GPE/G/ICB/001/2015.

2. The Project Management Unit of the Ministry of Education (PMU-MOE) now invites sealed bids from eligible bidders for the supply of Science Demonstration Items to be delivered between December 30, 2015 and January 29, 2016.

3. Bidding will be conducted through the International Competitive Bidding (ICB) procedures, and is open to all bidders.

4. Interested eligible bidders may obtain further information from Project Management Unit – Ministry of Education (PMU - MOE), Asmara, Eritrea, Tel: 291-1-151614, Fax: 291-1-152181, Email: mgilagaber@gmail.com, and/or michaelsheghe@gmail.com, and inspect the bidding documents at the address given below during working hours Monday through Friday.

5. A complete set of Bidding Documents in the English language may be purchased by interested bidders on the submission of a written application to the address below and upon payment of a none refundable fee Eritrean Nakfa (ERN) 750.00 or equivalent, starting Monday, October 12, 2015. Foreign bidders shall transfer the cost of Bidding Documents in USD to CITIBANK, N.A., COTTON CENTER, UK, LONDON, and SWIFT: CITIGB2L for credit to account No. 5519691 of Bank of Eritrea, Asmara, Eritrea, in favor of beneficiary, i.e. PMU - MOE for further credit to our Acct. No. EESIP-GOE 120.301.0359 maintained with them. If documents are required to be sent by courier additional USD 35.00 or equivalent shall be transferred to the above account number.

6. Bids must be delivered to the address below at or before 10:00 a.m. Local time (GMT+3) on December 15, 2015. Electronic bidding will not be permitted. Late bids will be rejected. Bids will be opened in the presence of the bidders' representatives who choose to attend at the address below at 10:00a.m. Local time (GMT+3)on December 15, 2015. All bids must be accompanied by a Bid Security of USD 8,000.00 (Eight Thousand US Dollars) or equivalent in other freely convertible currency.

The address referred to above is:

Project Management unit – Ministry of Education (PMU - MOE)
Street Address: Hday Street 748-1
Floor/Room number: DembeSembel, Block "A", First Floor, RH
P. O. Box 1099
Tel: 291-1-151614
Fax: 291-1-152181
Asmara, Eritrea

## ኤረና ቤት ትምህርቲ ኮምፒዩተር

ኤረና ቤት ትምህርቲ ሞያዊ ስልጠናታት ነዞም ዝስዕቡ ሞያታት ብምኩራት መምህራን ይምህር ከምዘሎ ትፈልጡዶ?

- ስልጠና ኮምፒዩተር
- ሰክረታርያል ሳይንስ
- ኣድቫንስድ ቪድዮ ኤዲቲንግ
- ኣካውንቲንግ ምስ ፒችትሪ
- ምስኣል ደረቕን ተንቀሳቓስን ስእሊ (Shooting)

ብልጫታትና

- ✓ ኣድራሻና ንመጓዓዝያ ምቹእ እዩ
- ✓ ኣብ ዝመረጽኩሞ ግዜ ክትመሃሩ ትኽእሉ
- ✓ ካብ ክልተ ስልጠና ንላዕሊ ንዝወስዱ ፍሉይ ምጉዳል ዋጋ ንገብር
- ✓ ተማሃሮይ መቓቒሉ ክኽፍል ይኽእል

ኣድራሻና፡
ከባቢ ሲነማ ሮማ፡
ጎኒ ክለብ መምህራን
ቴለፎን 115248

ንትምህርቲ ብዘይቀልዓለም!!

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that the shareholders of A.M and Sons Private Limited Company on their Extraordinary Special Meeting held on the 10th day of September 2015 have resolved that;

1. Mr. Aron Asmelash Tesfay holder of 108 shares, Mr. Sirak Asmelash Tesfay holder of 108 shares, Mrs.Yordanos Asmelash Tesfay holder of 8 shares, Mr. Nahom Asmelash Tesfay holder of 8 shares, Mr. Robel Asmelash Tesfay holder of 9 shares and Mrs. Miriam Asmelash Tesfay holder of 9 shares have sold and transferred their respective shares par value of 1,000.00 (One Thousand) Nakfa to Mrs. Milashu Araia Shibeshi and withdrawn from the membership of the company.

2. Hence, the latest shareholding of the company has become as follows;

| | No. Shares | Value in Nakfa |
|---|---|---|
| 1. Mrs. Milashu Araia Shibeshi | 422 shares | 422,000.00 |
| 2. Mr. Yafet Asmelash Tesfay | 108 shares | 108,000.00 |
| Total shares | 530shares | 530,000.00 |


A.M AND SONS PRIVATE LIMITED COMPANY

## ብስራት ንተማሃሮ ካልኣይ ደረጃን ኮለጅን

ብዘመናዊ ኣገባብ ዝተዳለወት፣ "Modern Approach to High School Physics" ዘርእስታ መጽሓፍ፣ ኣብ ዕዳጋ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ። እዛ መጽሓፍ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ንኡስ ኣርእስቲ ኑብስኻ ትግምግመሉ ምስ ናይ ማትሪክ ሕቶታት ዝመሳሰል "Test yourself Questions" ዝሓቑፈት ኮይና ገለ ካብ ትሕዝቶኣ ፦

- Over 700 fully worked examples
- Over 1000 Problems with numerical answers
- Over 250 questions with short answers
- Over 600 illustrative figures and diagrams

ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑጽሪ ሞባይል 07258560 ተወከሱ።




## PAULOS ENGLISH SCHOOL

ቤት ትምህርትና ሕጂውን ኻኹሉ ደላይ ትምህርቲ፡ ቋንቋ እንግሊዝ ብግቡእ ምዝራብ፡ ምስማዕ፡ ምጽሓፍን ምንባብን ዘኽእል ትምህርቲ በብደረጅኡ ማለት፡-

beginner,
elementary,
pre-intermediate
intermediate
upper intermediate (advanced) levels

ብፍሉይ ንተመሃሮ (2ይ-11) ክፍሊ 20% ምጉዳል ዋጋ ኣብ ርእሲ ምግባርና ኣብ ትምህርቶም ዝሕግዝ ክይኑ ተዳልዩ ከም ዘሎ ድማ ነበስር።

ብምኩራት መምሃራን ብሓገዝ ኮምፕዩተር፡ ፕሮጀክተር፡ ሃንድኣውት፡ ቪድዮን ኣውድዮን ዝተሰነየ ትምህርቲ ኣዳልዩ ኣሎ።

ኣድራሻና ከባቢ ማርካቶ(ጎደና ናቕፋ) ፊት ፎቶ ፊሊ፡ ጎኒ ፎቶ ሉቃስ እዩ።
ምዝገባ ጀሚርና ኣለና።
ንዝያዳ ሓበሬታቴሌ 112001/ 07138748 ወይ 07137056 ተወከሱ።

# ሰናብት

<u>ሃብቶም እዮብ</u>

## ፍለጡለይ

1. ሓንቲ ዓይና ተኻሒላ ንዕዳጋ እትወርድ ፍለጡለይ?
2. ንሳ ጾለም ደቃ ግን ጻዕዱ ፍለጡለይ?
3. ንሳ ክንዲ ኀጦ መቐመጭኣ ክንዲ ሸንጦ ፍለጡለይ?
4. ኣብ ማይ ኣትያ ዘይትጥልቒ ፍለጡለይ?
5. ሽሕ ደቃ ረጊጾየም ከኣ እትሓልፍ ፍለጡለይ?


የርኣበል ጴጥሮስ
ቤ/ት/ደ/ቅ ማርያም

## ዝተመሳቐለ ቃላት

ንጋድም ዝምላእ
1. መሳርሒት መዚቃ
4. ደም እትጭግገዕ ክፍሊ ኣካላትና
5. ንሽተት ሓንቲ ፊደል ምስ ጎደለታ
6. ቲብ ገምጠልካ
7. ዝየገ ከም ዘላታ
8. ኣይትተሓዝስ (“ዳዕ” ገምጠልካ)
9. ን ‘1’ ጋ ምስ እንወሰኽላ

ንትኹል ዝምላእ
1) ድሕሪ ሓደ ዝመጽእ ቁጽሪ
2) ማንቲለ ብእንግሊዝ
3. ኣብ ኢድና እንለብሶ
6. ኣብ ኣውደኣመት ዝሕረድ
7. ሓዘ ገምጠልካ ጽሓፉ/ፊያ
8. እኛም
10. ሓጎስ ክስመዓካ እንኸሎ

ከንኣን ተኽኣ
ኣስመራ



## ቁጽሪ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ብዛዕባ ጠባያት ቁጽሪ ዓሰርተው ሓደ ኢና ርኢና ነይርና። ሎሚ ድማ ተወሳኺ ኣብኡ ካብ ተኸታተልቲ ዓምዲ መጺኡና ኣሎ። ንቐደም!!

11×112= 1232
11× 211= 2321
11× 113= 1243
11× 311= 3421
11 ×114= 1254
11× 411= 4521
11 ×115= 1265
11 ×511= 5621
11 ×116= 1276
11× 611= 6721
11 ×117= 1287
11× 711= 7821
11× 118= 1298
11 ×811= 8921

ተመሃራይ መድሃኔ ዓ/ሚካኤል
ቤ/ት ባርካ

## ተርሙማ — እታ ጽብቕቲ ዑፍ

ሰራክ ኣዝዩ ንፉዕ ተመሃራይ'ዩ። እንተ ኾነ ኣመና ደቃሲ'ውን ነበረ። ብሰንኪ ድቃስ ድማ ብዙሕ እዋን ኣብ ቀዳመይቲ ክፍለ ግዜ (ቀዳመይቲ ፒርየድ) ስለ ዘየርክብ ብዙሕ ትምህርቲ ይሓልፎ ነበረ። ነዚ ዘስተብሃሉ ናይ ቀረባ መማህርቱን መማህራኑን “ስለምንታይ ኢኻ ኩሉ ግዜ ደንጕኻ ትመጽእ?” ብምባል ሓልዮት ዘበሎ ሻቕሎት እናተሰምዖም ሓተትዎ። መልሲ ሰራክ ግን ሓንትን ፍልጥን'ያ ነይራ - ድቃሰ።

ሰራክ ኣብ ክፍሊ ጸገን ኣሉ ዘኪታተል ኣብ ትምህርቱ ንፉዕን ግዱስን ብጠባዩ ድማ ኣዝዩ ንኡድ ስለ ዝነበረ ኩሎም መማህራኑን መማህርቱን ኣዝዮም'ዮም ዝፈትውዎ ነይሮም። ስለዚ ኸኣ ምስዚ ኹሉ መንፍዓቱን ተገዳስነቱን ሓደ መዓልቲ ድቃስ ከይጠልሞ'ሞ ፈተና ከይሓልፎ ይፈርሑሉ ነበሩ። መማህራኑ ንወለዲ ሰራክ ናብ ቤት ትምህርቲ ብምጽዋዕ ወደም ብኸመይ ኣንጊሁ ካብ ድቃሱ ደባርበር ዝሕግዘ ሓደ ብልሓት ነገርዎም። ንሱ ድማ ብቐርጺ ዑፍ እተሰርሐት ሰዓት ገዚኦም ልክዕ ሰዓት 6:30 ናይ ንጉሆ ከም እተደሃዮ ገይሮም መሊኦም ኣብ ትሕቲ ትርኣሱ ምንባር ነበረ። ወለዱ ድማ ቢቲ መማህራን ዘቐረብዎ ሓሳብ ተሰማሚዖም ንስለ ዕቱብ ተገዳስነቶም ኣመስጊኖሞም ብምውቕ ሰላምታ ተፈልይዎም። ከምታ ዝተባህለት ሰዓት ብምግዛእ ኣብ ትሕቲ ትርኣሱ ገበርሉ። ድምጺ ናይታ ሰዓት ልክዕ ከምቲ መዚቃ ዝጥዕም ድምጺ ኣዕዋፍ ወጋሕታ'ዩ ዝነበረ።

ሰራክ ምሸት ኣብ ገዝኡ ቅድሚ ምድቃሱ ነጸንዕ ዋላ እንተ ኣምሰየ ነታ ሰዓት ግን ኣየስተብሃለላን። ከይረኣያ ኸኣ መጻናዕቱ ወዲኡ ደቀሰ። ቅድሚ ምድቃሱ ናይ ስኑፍልጠት መማህርም 'ድምጺ ኣዕዋፍ ጥዑም ስለ ዝኾነ ንግሆ ንግሆ ንስተብህለሉ። ሕጉሳት ንኽንኸውንን ሓጎልና ዝተረፈ ሰዓታት እታ መዓልቲ ንጡፍ ኮይኑ ንኽውዕልን ሓጋዚ'ዩ' ዝበሎ ምኽሪ ዘኪሩ ንቑሩብ ህሞት ኣስተንተኖ። ሰራክ ኣየስተብሃለሉን'ምበር እቲ መማህርሲ ሰራክ ኣንጊሁ ንኽትስእ ብምባል ብፍላጥ'ዩ ገይርዎ።

መሬት ምስ ወገሐ ሰራክ ሕልሚ ዝጥዕም ድምጺ ዑፍ ሰምዐ። “እዛ ጽብቕቲ ዑፍ ደኣ ኣበይ ኮይና'ያ ትዝምር ዘላ?” ብምባል ተጸናጸነ። ሽፈንዎ ንዝነበረ ኮበርታ ገጸሉ ድማ ምስምዑ ክቕጽል ሓሰበ። እንተኾነ እቲ ድምጺ ካብ ትሕቲ መተርኣሱ ይመጽእ ምንባሩ ኣስተብሃለ። ገጸሉ እንተ ረኣየ ኸኣ ብቐርጺ ጽብቕቲ ዑፍ እተሰርሐት ሰዓት ምንባራ ተመልከተ።

ናብ ኣደኡ እናጎየየ ብምኻድ ድማ “ኣደይ እዛ ጽብቕቲ ዑፍ ኣበርባሪተይ፡ መን ኣምጺኡለይ? ብምባል ሓተቶዋ። ኣደኡ ድማ ኩሉ ዛንታ እታ ጽብቕቲ ዑፍ ነገረቶ። ሰራክ እናተሓጎሰ ገጹ ኣጸዳወ። ብሳሙና ተሓጺቡ ኣደኡ ንዘቐረበትሉ ቁርሲ በሊዑ፡ ብእግሪ ናብ ቤት ትምህርቱ ከደ። ማዕርዕ ተሰሪዑ ሃገራዊ መዝሙር ዘሚሩ ኸኣ ከም መማህርቱ ብእዋኑ ናብ ክፍሉ ኣተወ። ነዚ ዝረኣዩ መማህርቲ ሰራክ ኣዝዮም ተገረሙ።

“ሎሚ ደኣ ከመይ ኢልካ ቀልጢፍካ ተሲእካ?” ብምባል ዝሓተትዎ እውን ነይሮም። ሰራክ ድማ “ሳላ እታ ጽብቕቲ ዑፍ” ኢሉ ብዝርዝር ኣረድኦም። ካብታ መዓልቲ ጀሚሩ ድማ ጥዑም ድምጺ ናይታ ዑፍ ክሰምዕ ኣንጊሁ ምትሳእ ናተይ ኢሉ ተተሓሓዞ። ብኡኡ ኣቢሉ ድማ ኣንጊህካ ምትሳእ ልማድ ኮኖ። ኣብ ሰዓቱ ናብ ቤት ትምህርቲ ዝኸይድ ኮነ። ስድርኡን መማህራኑን'ውን ቢቲ ኣብ ሰራክ ዝተራእየ ሓድሽ ለውጢ ሕጉሳት ነበሩ። ሰራክ ድማ ነታ ዑፍ “ሳላኺ ኣንጊሀ ይትስእ ኣለኹ፣ መማህራነይ መማህርተይ ኩሎም ብኣይ ሕጉሳት ኮይኖም። ሳላኺ ኣብ ቀዳመይቲ ክፍለ ግዜ ዝሓልፈኒ ትምህርቲ የለን” እናበለ ንግሆ ንግሆ ይስዕማ።

ፍቱዋት ቆልዑ ዝስዕብ ሕቶታት ካብዚ ንባብ መልሱ

1. ሰራክ ስለምንታይ ደንጉዩ ናብ ቤት ትምህርቱ ይኸይድ ነይሩ?
2. መማህራኑን መማህርቱን ስለምንታይ ብዛዕባ ሰራክ ይሻቐሉ ነበሩ?
3. ሰራክ ብኸመይ ካብ ድቃሱ ኣንጊሁ ኽትስእ ጀሚሩ?
4. ሰራክ ንኣደኡ እንታይ ኢሉ ተዛረበ? ንሳኸ እንታይ ኢላ መለሰትሉ?
5. ንስኹምከ ናብ ቤት ትምህርትኹም ቀልጢፍኩምዶ ትኸዱ?
6. ናብ ቤት ትምህርቲ ደንጉዩ ዝኸይድ ተመሃራይ እንታይ ይኸስር?

መም/ የናስ ብርሃ
ቤ/ትምህርቲ ፍልጠት
ኣስመራ

## መልሲ ፍለጡለይ

1.ባልዶንጓ
2. ጀበና ምስ ፊናጅል
3. ገመል
4. ጽላሎት
5. ሻርኔራ

የርኣበል ጴጥሮስ
ቤ/ት/ደ/ቅ ማርያም)

## ካባኹም.......

ንሎሚ ካብ ዝመጽና ዝርዝራት እዞም ዝስዕቡ እዮም. ሕጂ'ውን ደብዳቤታትኩም በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ሰዲድኩም ኸበጽሑና'ዩ።

ናብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ
ዓምዲ ስድራቤት-ተርሙማ
ቁጽሪ ፖስጣ ሳጹን 247
ብምባል ልኣኹዎ ከዕንግዶ።

| ተ.ቁ | ምሉእ ስም ለኣኺ/ኺት | ኣድራሻ |
|---|---|---|
| 1 | የርኣበል ጴጥሮስ | ቤ/ት/ደ/ቅ ማርያም |
| 2 | ሚሮን ጎይትኦም | ድባርዋ |
| 3 | ኣዜብ ተኽለ | ሰገነይቲ |
| 4 | ሩፋኤል ሚካኤል | ከረን |
| 5 | ፈቨን ደበሳይ | ደቀምሓረ |
| 6 | መሓመድ ዑስማን | ከባቢ እንዳ ማርያም |
| 7 | ፕሪንሰስ ኣሕፈሮም | ቤ/ት/ደ/ቅ ማርያም |
| 8 | ፈሩዝ ኣሕፈሮም | ኩዶ ፈላሲ |
| 9 | ለድያ ዳንኤል | ኣስመራ |

## ግጥሚ ትርሙማ

### ቤት ትምህርተይ

ቤት ትምህርተይ መጺአ
ግዜይ መዓልተይ ሓልየ
ከውሕስ ሰረት መጻኢየይ
መጺአ ናባኺ መጺአ
ዕላማይ ኣጺረ
ናባኺ ገስገሰ
ካባኺ'የ ዝረኽቦ ሃብቲ
ኣእምሮይ።
ኩሉ ምድላዋተይ ኣጻፊፈ
ዶምጋይ መጺአኺ ብዝሓየለ
ካባኺ እንደየ
ዘይብርስ ሃብቲ ኣጥርየ
ቤት ትምህርተይ!!!!
ምእንቲ ኽበጽሕ ኣብቲ ዝለዓለ
ክኸውን ከም ኣሕዋተይ
ተመሪቐ ከልምዓ
ነዛ ምጭውቲ ሃገረይ
ክኹርዖ ንዝሓብሓበኒ
ህዝበይ!!
ክኸፍሎ ጻምኡ
ተዳልየ ኣለኹ ብምሉእ
ዓቕመይ
ብሕጉስ መንፈሰይ
ሳላኺ ቤት
ትምህርተይ!!

ሚሮን ጎይትኦም
ድባርዋ